# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.252 | ሓሙስ 20 ሰነ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ብምኽንያት 20 ሰነ ዝተፈላለየ መደባት ተወዲቡ



ገጽ 3
ፍቕሪ ኣብ ገድሊ፡ ገድሊ ኣብ ፍቕሪ



ገጽ 5



ገጽ 7
ኣብ ቅንያት ረዚን ዝኽሪ



ገጽ 11
ስግኣት ዘይሰዓሮ - ስምዒት ስፖርት




## ንሰማእታት ኤርትራ ጸሎተ ፍትሓትን ዱዓን ተኻዪዱ

ስለ ህዝበን ሃገርን ህይወቶም በጃ ንዝወፈዩ ሰማእታት ኤርትራ፡ ትማሊ 19 ሰነ ኣብ ከተማ ኣስመራ - ቤተ-ክርስትያን ደብረ-ሳህለ ቅዱስ ሚካኤል - ጸሎተ ፍትሓት፣ ኣብ መስገድ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን ድማ ደርስን ዱዓን ተኻዪዱ።

ኣብ ሰዓታት ናይ ንግሆ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ደብረ-ሳህለ ቅዱስ ሚካኤል ጸጸራት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ - ዓቃቢመንበር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራን ኣቡነ ሉቃስ - ዋና ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስን ዝርከብዎም ብጹኣን ኣቦታት ሊቃነ ጳጳሳት፡ ሊቃውንቲ፡ ውሉደ ክህነት፡ ከምኡ'ውን ካብ ኩለን ኣድባራት ዝተመደቡ ሰባኪያን ጸሎት ኣዕሪጎም።

ኣቦ'ቲ መራሕቲ ሃይማኖት ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራን ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራን እውን ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ብጹእ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ጴጥሮስ ቡራኬ ሂቦም።

ኣብ መንበረ ፓትሪያርክ ሓላፊ ስብከት ወንጌል መርጌታ ስምኦን በየነ ኣብ ዝሃብዎ ኣስተምህሮ፡ እነስተማቕሮ ዘለና ህይወትን ሰላምን ካብ ሰማእታትና ዝረኸብናዮ ክቡር ህያብ ከምዝኾነ፡ ዝኾነ ብዘዮጉድእ ክንዕቅብ ድማ ሕድሪ ከምዘለና ብምጥቃስ፡ "ከም'ቲ ንሳቶም ብሓድነትን ፍቕርን ህይወቶም ዘወፈዩልና፡ ንሕና'ውን ብኸምኡ ክንመላለስ ይግባእ" ኢሎም።

እቲ መደብ ብምህላላ ተዛዚሙ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ካብ ሰዓት 4፡30 ድ.ቐ. ኣብ መስገድ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ብሙፍቲ ኤርትራ ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ዝተመርሐ ሰላትን ዱዓን ተኻዪዱ።

ሼኽ ሳልም ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ኤርትራዊት ማህጸን ዘፍረየቶም ጀጋኑ ሰማእታት፡ ብዘይ ሃገር ክብረት ከምዘየለ ተረዲኦም፡ ማሙቕ ቤቶም፡ ደቆም፡ ወለዶምን ኣፍቀርቶምን፡ ከምኡ'ውን ትምህርቶምን ካልእ ዋኒኖምን ሓዲጎም፡ ስለ ህዝበን ሃገርን ክብርቲ ሂወቶም ዝበጀዉ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ እዞም መንገዲ ጉዕዞና ዘብርሁልናን ናጽነትና ህያው ዝገበሩን ዘውሓሱን ምዑታት፡ መጻኢ ወለዶ እውን ዘውሓሱ ምዃኖም ገሊጾም።

ሼኽ ሳልም ኣብ መወዳእታ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ንስድራ-ቤት ሰማእታት ክናቢን ብዓይኑትን ገዛእ ብርእሱ ክሕግዘን እቲ ዝተሓተ ግቡኡ ከምዝኾነ ኣገንዚቦም።



ስእሊ • ብክብሮም ጸሃየ



ስእሊ • ብሳልሕ ዓብደልቃድር

## ማእከል - ብምኽንያት 20 ሰነ ዝተፈላለየ መደባት ተሰላሲሉ

ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብሃማደኤ ዞባ ማእከል ዝተወደበ ስፖርታዊ መሳናድኢታት፡ ብ18 ሰነ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ቀሪቡ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ ዝተሳተፉ ጉዳይምን መንእሰያትን ስፖርቶውያን ንዝተፈላለየ መድረኻት ቃልሰን ዝተኸፍለ መስዋእትን ዘንጸባርቕ መደባት ኣቕሪቦም።

ብኻልእ ወገኑ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ኢሳቕ ተወልደመድህን ን20 ስድራ-ስውኣት ዝመቓረሕ 16 ሽሕ ናቕፋ ገንዘባዊ ደገፍ ገይሮም።

ርእሱመምህርታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ተስፋሂወት ፍስሃዬ፡ ተመሃሮ ዓመት-መጸኣ ብወለንታኦም ተመሳሲሊ ተበግሶ ከምዝወስዱ፣ ከም ባህሊ ንምስራጹ ድማ ዓቢ ቁላሕታ ከምዝወሃቦ ገሊጾ።

ብተመሳሳሊ፡ ሰራሕተኛታት ክፍሊ ጉምሩክ ዘዋጽእዎ 18 ሽሕ ናቕፋ፡ ን12 ስድራ-ቤታት ተመቓሪሑ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣባላት ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ፡ ናብ ህንጻ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንኪ ደም ብምምጻእ፡ 60 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ንማሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት 27,750 ናቕፋ ከምዝወፈዩ እውን ተሓቢሩ።

ኣባላት ማሕበራት ተጋደልቲ ነበር ድማ፡ ብ19 ሰነ ኣብ ማይ-ድምንት ኣብ ዘካየድዎ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ሓላፍት ሰቡ ማዚ መንግስትን ግንባርን ዝተረኸብሉ መደብ ልምዓታዊ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም።

ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲ ማሕበራት ኣቶ ተስፋይ ቀለታ፡ እዚ ስሙንዚ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሰማእታቱ ብዓይኒ ሕልና ዝራኸበሉ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ዕላማቲ ዝወደብዎ መደብ ሰማእታትና ንምዝኻርን መብጽዓና ንምሕዳስን ከምዝኾነ ገሊጹ።



ስእሊ • ብታእዛዝ ኣብርሃ



ስእሊ • ብፈያመት መስፍን

# ብምኽንያት 20 ሰነ ዝተፈላለየ መደባት ተወዲቡ



ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዋሚ ዘርፊ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ማሕበር ወነንቲ ታክሲ ዞባ ማእከልን ብ18 ሰነ ዝተፈላለየ መደባት ኣካይዶም።

ብኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዋሚ ዘርፊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተወደበ ናይ እግሪ ጉዕዞ - ካብ ቤት-ገርግሽ ክሳብ ማይ-ደምዒት ድሕሪ ምኻዱ፡ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ቀሪቡ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ጀማል ሳልሕ፡ ወለዶታት ብቐያን ጅግንነትን ሰማእታት እናተሓበኑ ክብሩ ምእንቲ፡ ከም ማሕበር ካብኦም ዝሕተት ንምፍጻም ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ሓለቓ ጠቕላላ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፊልጶስ ወልደዮውሃንስን ሚኒስተር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቀርዮስን ድማ፡ ነቲ ብወረስቲ ሕድሪ ቁልዑን መንእሰያትን ዝቐረበ ንዝኽሪ ሓበን ዝወከል ስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶ ብምምጓስ፡ መደባት ማሕበር ንምዕዋት ኩሎም ኣካላት መንግስቲ ከም ዝሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት፡ ኣባላት ማሕበር ወነንቲ ታክሲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ከባቢ ማይ ደምዒት ኣብ ዝወደብዎ ስነ-ጥበባዊ መደብ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ መንግስትኣብ ጊላሚካኤል፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ ማሕበርም ዓመታዊ ብምኽንያት 20 ሰነ ዘካይዶ ንጥፈታት ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ቤት-ጽሕፈት ግብረ-ሰናይ ስድራ ስውኣት ዞባ ማእከል ... 

ዋና ኣካያዲ ስራሕ በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኮሎኔል ክንፈ ሃብቶም፡ ማሕበር ወነንቲ ታክሲ ዞባ ማእከል ኣብ ማይ-ደምዒት ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት ምግራብ መሬት ኩዩት ንዝገበሮ ዘሎ ኣበርክቶ ብምምጓስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ከምዝድፍኣሉ ዘለዎ ጸኒዕ እምነት ገሊጹ።

ኣባላት ማሕበር ብድሕሪዚ፡ ካብ ከባቢ ማይ-ደምዒት ብቐንዲ ጎደናታት ከተማ ኣስመራ ናብ ሃገራዊ ባንክ ደም ብምምራሕ - ደም ለጊሶም።

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

## ፍቕሪ ኣብ ገድሊ፡ ገድሊ ኣብ ፍቕሪ

ከሉ ሰራዊት ኣብ ዕሪፍቲ'ዩ ነይሩ። እቲ ድሮ ምስ ኣብርሀት ብምፍልላዮም ሰንፈላል ክኸውንን ክሻቐልን ዝጀመረ ኣለም፡ እንዳ 16 ናብ ናቕፋ ምስ ኣርከቡዎም፡ "እዛ ዳዋ ተምጽኦ ኣለዋ" በሉ። ፍርቂ ካብ እንዳ 70 ናብ እንዳ 16 ስለ ዝተቐየሩ፡ ኣለም ደቂ ኣሃዱኡ ክርኢ ብምባል ናብቲ ዝነበሩዎ ቦታ ክመላለስ ኣየተጸገመን። ዋዒ፡ ጭርቃን፡ ገድላዊ ህይወት'ምበር ብዙሕ ዝምድና ሓሰቡ ዘይፈልጥ ኣለም፡ ገለ ሰባት "እሽኻስ ጉዳም እንዲኻ፣ እንታይ ኴንካ ዘይትዛመድ?" ክብሉዎ ብዘጀመሩ፡ ዘይነበሮ ሓሳብ ከምጽእ ተፈለጦ።

"ክላ ግደፉና፡ ኣርኪ፡በኩም!" እናበለ ግን ይዋዘዮም።

ኣጠባቒም ክሓትዎ ምስ ጀመሩ፡ ኣብርሀት ኣብ ኣእምሮኡ ተመላለሰት። ንብዩት ኣብ ዝኸዶሉ፡ ብዙሓትን ብዙሓ ዝምድናን ክሓስብ ጀመረ። ክዛመድ እንተኸኢሉ ምስ ኣብርሀት'ምበር ካልእ ኣይሓሰበን። ድርኺት ወሽጢ እናነውሖ ብዘኸዶ፡ ናብ ኣብርሀት ንዝምድና እትሓትት ሓጻር ደብዳቤ ጸሓፈ። ብወሽጣ ክትሕትት ትጽቢ ዝበረት እትመስል ኣብርሀት፡ መልሲ ኣብ ምሃብ ኣይደንጎየትን።

**"እቲ ናይ ጓል ሃገር ኩሩን'ምበር እሓሰቦ'የ ነይረ። ንምዝራብ ግን ሓፊረ። ከምዚ ምባልካ የቐጽለይ፣ ምሳኻ ኸኣ ክሰዕ ግዜ ማሳምእተይ ኣለኹ። ካብ ኣሰር ከድዓት ኣሰር ሰወኣት!"**

ክትብል ደብዳቤ ጸሓፈትሉ። ኣቐዲሙ፡ ብወሽጢ-ወሽጢ፡ ማዕረ-ማዕረ'ቲ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝዓንበበ ድሌት ክልተ ተጋደልቲ፡ ናብ ናይ ምዝምማድ ውሳኔ በጽሑ።

'ሽላ ኣሎ ቖሊባ ኣሎ' ከም ዝበሃል፡ ኣለም ሽዓ ኢሉ ኒታ ዝምድና ኣማእከሉ። ናብ ኣሃዱ ብዓል ኣብርሀት ብምኻድ ድማ ምስኣ ወዓለ። ዝምድና ጌና ወጥዒ ከይለበሰ፡ ኣሃዱ ፈለጡዎን ባርኽዎን። ድሕሪ ወርሒ ኣቢሉ፡ ኣብርሀት ናይ ሰሙን ዕረፍቲ ተዋሂብዋ ናብ እንዳ ስብኣ - ናይ ቀደም ኣሃዱኣን መዛምድታን ክትበጽሕ ተበገሰት። እንተኾኑ "ሜላ" ፍቕሩ ዘይተርፍ ናብራ ገድሊ ስለ ዘሎ፡ ምቕያር እንዳ ስብኣ ናብ ገልጠም፡ ከባቢ ዛራ ኣርከበ። እታ ኣሃዱ ንእንዳ 52 ክትቅየር ኣብ ዝሸደትሉ ኣብ ሳልስቱ፡ ኣብርሀት ምስ መዛምድታ ከተዕርፍ ደበኽ በለት። ኣለምን ኣሃዱኡን ኣይጸንሐዋን።

ከተርክቦም ሓቲታ፡ ከም ዘርሓቑ ፈለጠት። ምስ ወዑይ ፍቕራ ናብ ኣሃዱኣ ተመልሰት'ሞ ከምዚ ክትብል ናብ ኣለም ደብዳቤ ጸሓፈትሉ፤

*ዕለት 9/12/87*
*ናብ*
*ዘፍቅረካን ዝናፍቐካን*
*ኣለም በርሀ*

*ብመጀመርያ እቲ ካብ ጸንዕ ዕርዲ ናቕፋ ተበጊሱ ዝጠፍአ ... ሰንሒት ሰንጢቑ እቲ መጀመርታን ሽውትን ፍቕረይ ከም ወቕያኖስ ዘይሃጽፍ፡ ከም ጉልጉል ባርካ ክይድ ወዓልካ ዘይውዳእ ሰላምታይ ሰላም! ሰላም! ሰላም! እናበልኩ ነቲ ናይ ክልተ ቕነ ግን ከም ዓመታት ኮይኑ ዘሎ ናፍቖተይ ይገልጸልካ።*

*ከመይ ኣለኻ ጺጋ ጥዑናኻ? ኣነ ብድኻ ናትካ ኩነታት ጥዑናኻን ናፍቖትካን ንጸቡቕ ጸቡቕ ኢየ ዘለኹ ክብሎካ ይደፍር። መንገዲኻ ከመይ ኣቲኻ? ኣነኳ ብናትካ ሸቐልቀል፡ ኣብ ፈቓዶ ምውፋር ዶኾን ይሀሉ ክብል ቀጻ ኔረ ድሓር ግን መርመራ ወዲእና ብዕለት 30 ደበኽ ምኻት ጉዳ መጺኡ ምስኡ ከም ዝቐኘኻ ነጊሩኒ። ንጸባሒቱ ኣንጊሀ ንዝኸዶም ክይደሉ "ትማል ምኻት ከይዱ ምስ ወዲ ዓሊ" ኢሉሞኒ። ኣውኡ ውዓለ ተመሊሱ።*

*እቲ ምሳኻ ዝወዓልኩሉ መዓልቲ እየም መርመራ ንጸባሕ ኣሎ ኢሎሞኒ። ንዷይ እውን እቲ ግዝኹም ኩሓደር፡ ከይፈለጥኩ ከለኹ ኩሉ ሰብ ተዓልዩ ጸኒሖሞኒ፣ ምስ መጸኡ ዕለት 27 መርመራ ጀሚርና ዕለት 29 ወዲእና። ኣውኡ ከም ዝቐጸካ ግን ኣይፈለጥኩን ምስ ፈለጥኩ ኸኣ ኬድካ ጸኒሕካ። እቲ ግዝካ ርእየ፡ ጽኻ ከም ዝረኣኹ ተሰምዒኒ።*

*እቲ ኹሉ ዕላልካን ሜዕናኻን እናተራኣኹ ቀትሪ ምድሪ ንዝይ ተመሊሰ።*

*እቲ ወጻኢት ናይ መርመራ ክይሰይልካ ድማ ስለ ዘይተቐበልና ኢየ። እቶም ኽእርሙ ዝኸዱ ዝሓሩኒ ግን "ሓሊፍኪ ጸቡቕ ነጥብታት ኣምጺእኪ" ኢሎሞኒ።*

*ካብ ኣብርሃት ተስፋሚካኤል*

**ይቕጽል**


### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.200454-07121322
**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## ታሪኽ ኣለዎ'ዚ ባሕሪ

እዚ ባሕሪ
ኣለዎ ቀለም
ኣለዎ ታሪኽ
ኣለዎ ዝኽሪ
ሕሉፍ መዘክሩ እንኮኾነ እንዘክሮ
ተፈሪድና ካብ ባሕርና ክንግለል
ተኻኢርና ኣብ ጉዳይ መሬትና ክንመሳሰል።
ተኣለዩ . . . ተኣለዩ
እዚ ባሕሪ ባሕርና'ዩ
'ኣይፋል' እንተበልኩም ጥፋኣትኩም'ዩ
ብሰማይ ብምድሪ
መጺእናኩም ብባሕሪ
ከቢሮ ጥፍኣት ተሃሪሙ
ደምጺ መራኽብ ሃሚሙ
ሕጻጽታ ነፈርቲ ብሒትዋ ንሰማያት
መዝሙር ሰላም ኣይሃበረን ብዘይካ
ጥፍኣት
ሸቡ . . . ላሕታት ደምጺ ግን
ነስደኳዳዊ
ቀስ ብቐስ ብዘበምታዊ
እዚ መሬት መሬትና
እዚ ባሕሪ ባሕርና
ንኽንበክሱ ዓጸምና
ኣፍስሱ ቀይሕ ደምና
እምቢ . . . . . እምቢልና
ኣብደን እምቢልና
ብዘይካ ኣብ'ዚ ምድሪ
ኣለና ኣብ'ዚ ባሕሪ
ንሰዋእ ብኽብሪ
ኒሕን ሓበን ዝዘናኑ
ኣብ ቅድሚ ደርማስ መርከብ ተጉዚፉ
ግብረ-መልሲ ውልዶ ባሕሪ'ዩ ነይሩ
እቲ ዛንታ ነዊሕ እዩ . . . . . .
ንዝኽሪ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ'ዩ
ኣብ'ቲ ጸንሑሓሰብ ንቕሎ ነዊሕ ጉዕዞ
እምነት እምበር ኣይነበረን ትሕዞ
ብተራ ጀላቡ ዘዋኣበጥ ዓቕሚ
ዕጥቅን ስንቅን ሓዘን ከጥሕሶ ባሕሪ
ሓሊፉ ሓዩት ጅግና ብዓል ሕድሪ
ዘገርም'ዩ!
እንታይ ዓይነት ስረተ-እምነት
እናሻዕ እናኣፍሰስካ ደም
ንመስዋእቲስ ቅድድም
ብኸመ'ዩ ግን ተሓሊፉ
ነቲ ጸዋግ ግዜ ኣሲዩ
ትግረም ትግረም ትሓስብ
ሳዕሊ ትብል ተወርድ ተደይብ
ብኢልፌ ሕቶታት ትኽበብ
ምናልባትዶ . . . ኸኣ ትብል
ምስ ወሸጥካ ተዕልል
ምናልባትዶ ምድረ-ባሕሪ ጸማዒ ኮይኑ
ልቢ ኣዕበዩ ምስ ዋናታቱ ወጊኑ
ከመይከ ዘይውግን ናይ መን ደኣ ኮይኑ
ንተኣምር እዩ
ባሕሪ ንባሕርያ ይእዘዝም'ዩ
ሓቂ'ዩ ከኣ ሰቡን ዘይሰቡን ከለሊ
ዝዛበን ዘይዛበን ሓደ ኮይኑ ኣብ ምቕሊ
እዚ ባሕሪ ኣለዎ ህድኣት ኣለዎ ዓቕሊ
ንኣዋርሕ መሬት ከይረገጹ
ጨው ሪፎም እንቅዓ እናረሃጹ
ኣብ'ዚ ባሕሪ ይዕቀቡ
ካብ ጼጋታቱ ይምገቡ
ምስ ዓሳታቱ ይሰዓሰዑ
ብሓሳብ ይወፍሩ ይዕዘዙ
ሕሉፍ ሂወት ይዝክሩ
ኣብኡ . . . . ንሰሉ
ይሰውኡ
ከሉ ነይሩ ባሕሪ
ደጀን ባሕሪ ድንድል ባሕሪ
ሬሳ ጅግና ጸዋሪ
ንሕማቅ እዋን ማሰበሪ
ይእዘዝም ንዋናታቱ
ቋንቋ ኣለዎ ንኣድመጽቱ
ሕሩያት ሐዙ'ዩ ዝወፍር ዝኣቱ
ኣብ ደሴት ሳርደር ዓቢጠ በሪጠ ሓሰመት
ሕሰም ጸዩርም ወሊያማ ሽግ ናጽናት
ካብ ማርስ ፋጥና ክሳብ ማርሳ ጉልቡብ
ዓደንውን ተበጺሑ መዕረፊኦም ኮይኑ
ወደብ።
ሕመረት በሕርያና
ዋሕስ ህላዌና
ካብ ዓሚ ባኮ. . . ጀሚሩ
ደለይቲ ፍትሒ ደሚሩ ደማሚሩ
በዚሑ. . . .ተባዚሑ
ተረኺቡ ሃገር ኣብ ዋርሳይ በጺሑ
እዚሆ ደርማስ ኮይኑ ብታሪኽ ሰቢሑ
ብመሬት ብባሕሪ
ኣብ ወሸጥና ወሸጢ ቀይሕ ባሕሪ
ሰጥመት ፈጢሩ ናይ'ዛ ሃገር ፍቕሪ
ንሓያላን ፈንቂሉ ከፊቲልና በሪ
ጅግና ኣብ'ዚ ባሕሪ
ሩሑ ሂቡ ዓወት ኣቡሪ
እዚ ባሕሪ . . ባሕርና
ኣለዎ ሰብ ኣለዎ ዋና
ንእዘዞ . . . . ይእዘዘና
ድምጻል'ዩ እዚ ባሕሪ
ደብሪ'ዩ እዚ ባሕሪ
ኣለዎ ስሕበት ኣለዎ ፍቕሪ
ኣለዎ ታሪኽ ኣለዎ ዝኽሪ
ኣለዎ ሰማእት ወትሩ ተዘኪሪ
ታሪኽ ኣለዎ እዚ ባሕሪ!

**ዘምህረት ኣብርሃ**
**መኣከር ደንደን**


# ፍቕሪ ኣብ ገድሊ፡ ገድሊ ኣብ ፍቕሪ

ኣዘንታዊ - ኣለም በርሀ
ጸሓፊ ዛንታ - ኤፍረም
ሃብተጽዮን (ወዲ-ገደ)

ኣለም በርሀ ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ሓምለ 1978፡ ኣብ ኣፍላ ዕድሜኡ ካብ ጉራዕ ንኣስ ዞባ ደቀምሓረ ናብ ህዝባዊ ግንባር ተሰለፈ። ኣብ ዓዲ-ርሶ ንወርሒ ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምቕሳም፡ ናብታ ኣብ ዓዲ-ያቆብ ዝዐረደት ብርጌድ ሸሞንተ ተወዘዐ። ኣብኡ ንሰለስተ ወርሒ ኣብሊ ምስ ጸንሐ፡ ብዙሕ ክዝረበሉን ክቡሰብሰሉን ዝጸንሐ ስትራተጅያዊ ምዝላቕ ኣርከበ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ኩነታት ጸላኢን ዝኸፍ ምትእትታው ሕብረትሶቭየትን ብደቂቕ ክከታተል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ናብ ጸላኢ ከም ዘዘለ ብምግማት፡ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ንምዝላቕ ዝምልከት ጸዕቒ ገቲርሲ ኣካየደ። "ስትራተጅያዊ ምዝላቕ" ዝብል ፍሉይ ጽሑፍ ኣዳልዩ ኣብ ተጋደልቲ ተነበበን ክትዓት ተኻየደሉን። ሰውራ ቻይና ከም ኣብነት ብምቕራብ፡ ነቲ ኣሸሓት ኪሎ ሜተራት ዘዘለቐን ዳግም ተወዳዲቡ ዝዓወተን ቀይሕ ሰራዊት ቻይና ከም ቀንዲ ኣብነት ኣቕረበ። ብጻል ኣለም ጌና ሓደስቲ እኳ እንተኾኑ ዝተማህሩዎ ስትራተጂ ምዝላቕ፡ ሸዑ ኢሎም ኣብ ምትግባሩ ኣርከበ።

ሰውራ ኤርትራ ካብ መድረኽ ምሕራር ከተማታት ናብ ስትራተጅያዊ ምዝላቕ ክበጽሕ እንከሎ፡ ኣብ ብዙሓት ተጋደልቲ፡ ሓፋሽ ውዱባት፡ ህዝቢ፡ ተደናገጽቲ ወገናት ሰውራ ኤርትራ፡ ዓቢ ስንባደን ነውጽን ፈጠረ። ካብ ኣፍ-ደገ ናይታ ሰሚዶ ጽባሕ ሓራ ንወጽኣ ዝዘለለ ዝበረ ኣስመራ፡ በቲ ብዙሕ መስዋእቲ፡ መውጋእቲ፡ ጥሜትን ጽምእን እናኸፈሉ ሓራ ዘውጽእዎ ቦታታት ተመሊሶም ኣብ ሳሕል ክዕርዱ፡ ንብዙሓት ካብ ሞት ዝኸፍአ ምርጫ ነበረ። ስለዚ፡ "ጸላኢ ሪሳና ረጊጹ ዘይሓልፍ! ክሳዕ መወዳእታ ንምክት'ምበር ኣይንሃስሓንበን!" ዝብል ሕቶን ስምዒት ኣብ ህዝባዊ ሰራዊት ሰፈነ። ሳዕለዋይ መርሒነት ህዝባዊ ግንባር ግን፡ ነቲ ህንዱድ ዝኸፍ ሓይሊ ጸላኢን ዘርያቱን ብውሑድ ቀጽሪ ሰንቅን ዕጥቅን ምምካት ከም ዘይካኣል ብደቂቕ ብምግምዛብ፡ ንድሕነት ሰውራ፡ ናብ መሰረት ተመሊስካ ንጸላኢ ቀሲብካ ንምድኻም ነዊሕ ዝጠመተ ውሳነ ወሰደ። ኩሉ ክውሃብ ዝኽእል መልሰግብሪ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ክስዕብ ዝኽእል ነውጺ ብርግኣት ክቕበሎን ኣብ መንፈስ ተጋደልትን ሓፋሽን ከስርጾን ሓያል ቃልሲ ኣካየደ።



ካብ ደብዳቤታት ኣብርሀት

ኣብዚ እዋንዚ፡ ኣሃዱ ብጻል ኣለም ኣብ ግንባር ዓዲ-ያቆብ ኣብ ከቢድ ናይ ኩናት ሃዋህው እያ ነይራ። ጸላኢ፡ ኣብ ቀዳማይ ወራር ዝተኸተሎ ቀንዲ ስልቲ፡ ብሓደ ወገን ጸዑቕን ቀጻልን ደብዳብ፡ ህጁምን ስጉምቲ፡ ከቢድቲ ኣጽዋር ኣምሪሑ ዝኣተወ ዝኸፍ ሓይሊ ጸላኢ ናብ ኣፍ ሓርገጽ ይኣቱ ከም ዘሎ ከይተረድኦ ናብ ስጠቕታ ዒላበርዕድ ወረደ። እዚ ዘየብዝሓ ኣጽዋር - ታንክታት፡ መዳፍዕ፡ ድሩዓት መኪይን



ስውእቲ ኣብርሀት ተስፋሚካኤል ምስ ብጾታ፡ ደው ካብ ዘበሉ የማነይቲ

መጥቃዕቲ ብምኽያድ፡ ንሓይልታት ወገን ምብሳዕ ነበረ። ብዙሒ ዝበረን ታንክታት ደርግ ዝመርሓኦ ዝኸፍ ሓይሊ ኣብ ጉላጉል ዓዲ-ያቆብ ተዘርኡ ብምህጃም፡ ሰብ ምስ ሓጺን ዝተራጸመሉ ደማዊ ኩናት ተኻየደ። "ከዝልቕ ኢና! ጸላኢ ግን እግሩ መለኣ እናረገጸ ኣሰርና ኣይክስዕበናን'ዩ፡" ብዝብል ኒሕ ኩሉ ምልምል ተጋዳላይ ክሳዕ መወዳእታ ተረባረበ። ትእዛዝ ተጸቢዩ ኣዝለቕ ኣብ ዝበዝለለ፡ ጸላኢ ተብዑ ኣሰሩ ከም ዘይስዕብ ብምግባር፡ ሰቡን ንብረቱን ንድሕሪት መለሰ።

ሓይልታት ወገን፡ ነቲ ምሉእ መዓልቲ ክኻየድ ዝወዓለ ምርብራብ መኪተን ሚዛን ሓይሊ ብምምጋም፡ ንምሸቱ ከዝልቓ ጀመራ። እቲ ህንዱድ ሓይሊ ጸላኢ፡ ከይተበበሰ ኣሰንባሪ መኸተ ስለ ዝገጠሞ፡ እቲ ጉዕዞ ቀሊል ከም ዘይከውን ብኢጋኡ ተሰወጦ። እንተኾነ፡ ክሳዕ ዓንቀሩ ዓጢቑ ስለ ዝበረን ምፍራስ ደፋዓት ተጋደልቲ ፍናን ስለ ዝሃቦ፡ ማዕበል መጥቃዕቲታት መመለሱ ኣካየደ።

ኣሃዱ ብጻል ኣለም፡ ምስ ካልኦት ኣብ ጉድና ዝበራ ኣሃዱታት ኣብ ዝጥዕማ እናዓረደት ኣብ ተዝልቕሉ ዝበረት፡ ናብ ሸማንገስ ላዕላይ፡ ዒዲሎም፡ ብዓዲ-ተከሌዛን ኣቢላ ድማ ናብ ኢራ-ዋራ ብምድያብ ናብ ዒላበርዕድ ወረደት። ኩሉ'ቲ ካብ ከበቢ ኣስመራ ብዘተፈላለየ መኣዝን ዘዝለቓ ኣሃዱታት (ቡራገድ) ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ዒላበርዕድ ተኣከባ። ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ኣሰንባሪ መጥቃዕቲ ንምኽያድ፡ ሓያል ድላይ ብምግባር ንህንዱድ ጸላኢ ተጸበዩ። ጸላኢ ናብ መጸጠ ዒላበርዕድ ከም ዝኣቱ ገርካ ብገሊሉ ሸነኻት ሓዊ ክዘርኦ ብዘተወሰደ - ምስ እልቢ ዘይብሉ ሰራዊት ኣብታ ማእከል ዘመናዊ ሕርሻ ዝኾነት ሓውሲ ከተማ ተር ኢሉ ተዘርአ። መግዘር ኣብ ዒላበርዕድ ተኣጉዱ እንከሎ፡ ዝተኣሳሕበ ዝበረ ሓይላታት ሰውራ ብድሕሪት ንምክላዉን ንምድምሳሱ ጸላኢ ካብ ባጽዕ ናብ ማዕሚደ ኩብል ከም ዝተበገሰ ዝፈለጠ መርሒነት ህዝባዊ ግንባር፡ ንገለ ኣሃዱታት፡ "ዝሓዝካ ሒዝካ ኣርክብ!" ዝብል ህጹጽ መምርሒ ኣመሓላለፈ።

ኣሃዱ ብጻል ኣለም ካብ ዒላበርዕድ ብጉያ ከረን ሰጊርም ኣብ ማኮሰ ዓረዱ። ኣብዚ ዕርዲ'ዚ ድማ ንሰለስተ ወርሒ ጸንሐ። ጸላኢ፡ ኣብዚ ግንባር'ዚ ሓይሉ ኣኻኺቡ ሓያል መጥቃዕቲ ስለ ዝቐጸለ፡ ሓይልታት ወገን ከዝልቓ ተገደዳ። ሰብ ምስ ሓጺን ማዕበል ሰብን ዝተረባረቡሉ ውግኣት'ዩ። ተጋዳላይ፡ ምስቲ ኣብ ፊልማ "ምዝላቕ" ዝብል ትእዛዝ ምስ መጸኦ፡ "ንስዋእ'ምበር ኣይንዝለቕን" ዝብል ሕቱን ስምዒት'ዩ ሓዚሉ። ጸንዕ ትእዛዝ ውድብ ምኻኑ ምስ ተፈልጠን ካልእ ኣማራጺ ንደሓር ዝገደፍ ከም ዘይኾነን ተረዲኦን ግን፡ ዕሪ እናጠየቐ'ዩ ዘዝልቕ ዝበረ። ሕኔሕነ ሕርቃኑ፡ ኣሰሩ ንዘሰዓበ ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ዝጥዕሞ እናሓምሸሸ፡ ዝኸፍ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ኣውረደሉ። ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝበሃል፡ ነፍሲ-ወከፍ ስድሪ መሬት ኤርትራ ከቢድ ዋጋ ከም እተኸፍሎ ተረጋገጸ።

ኣሃዱታት ወገን እናተኸላኸላ ከዝልቓ፡ ጸላኢ መመለሱ ሓይሊ እናደረበ ክሰዕብ፡ ጭርጭር ዓበይ ዝመስል ምትህልላኽ ተራእየ። ኣሃዱ ብጻል ኣለም፡ መኸተኣ እናኣካየደት ኣብ ተዝልቐሉ ዝበረት እዋን፡ ኣብ ሩባ ሕዳይ ኣዘሪያም እንከለዉ ጸላኢ ስለ ዝጀመሞ፡ ኣለም ኣብ ኢዱን እግሩን ብኸቢድ ተወግአ። መሪር ምርብራብ ካብ ዝረኣየሉ ሕልኽላኻት ምዝላቕ ተኣልዩ ድማ ፊልማ ናብ ናቕፋ፡ ደሓር ናብ ዓዝርጋዘብ ንሕክምና ተወሰደ። ዘድሊ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ተገበረሉ ዝሓወየ ኣለም፡ ኣሃዱታት ወገን ተኸሊጥ ገይረን ስለ ዝጸንሓ፡ ናብ ብርጌድ 77 ተመዲቡ ናብ ሓይልታት ተመልሰ። ኣብ ሓምለ 1979፡ ኣብ ሓምሻይ ወራር ብጅግንነት ተዋጊኡ ምስ ኣሃዱኡ ቀጸለ። ድሕሪ ምፍሻል ሻድሻይ ወራር ኣብ 1982 እዩ፡ ኣብ ዓዲ እንከሎ ክሳዕ ሻምናይ ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ዝተማህረ ወዑይን ንኣሰን ተጋዳላይ ኣለም፡ ወዲ-ኢሳቕ ዝበሃል መራሒ ሓይሉም ሓደ ምሸት ጸዊዑ፡ "ኢጋር ሓኪም ክትመሃር ክትከይድ ኢኻሞ ተበገስ" በሎ።

"ኣነ ብዘሀብ ሕክምና ዝፈልጦ የብለይን. ." ኢሉ ከማኻኒ ሓሰበ።

"ደሓን ኣብኡ ኬድካ ትፈልጦ፡ ተበገስ ጥራይ" ስለ ዝተባህለ ግን ናብ ግልዕ ብምኻድ ኣብቲ ንወርሒ ዝተዋህበ ስልጠና ኢጋር ሓኪም ተሳቲፉ ናብ ኣሃዱኡ ተመልሰ። ድሕሪዚ ኣብ 1979 ዝተኸታተሎ ትምህርቲ፡ ናብ ደፋዕ ከይተላእከ ክልተ ዓመት ዝኸውን ኣብ ሕክምና ብርጌድ ጸንሐ። ብድሕሪዚ ሓኪም ጋንታ ኮይኑ ተመዲቡ ናብ ባርካ ወረደ። ካብኡ ናብ ሓልሓል ተመሊሱ ኣብ ተደጋጋሚ ውግኣት ተሳተፈ። ሻድሻይ ወራር ምስ ተጀመረ፡ ኣሃዱ ብጻል ኣለም ብህጹጽ ናብ ከባቢ ናቕፋ ክኸዱ ተሓብርም። ኣብ ግንባር ናቕፋ ኣብ ናይ ኢድ-ብኢድ ከቢድ ውግእ እንከለው፡ ዝተወግኡ ብጾቱ እናሓከሙ ክልተአን ኣእጋዉ ተወግኡ፣ እታ ሓንቲ ኣጸቢቓ ተሃስየት። ናብ ሕክምና ተወሲዱ ነዊሕ ክሕክም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ክብዩት ማህረምቱ ተረኣዩ 15 ዝኾኑ ውግኣት ጠርኒፉ ናብ ወተሃደራዊ ቤት-ጽሕፈት ምስ ከዱ፡ ናብ ደጀን ክቕጽሉ ተሓብርም። ኣብ ደጀን ናብ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ውድብ - ናብ እንዳ ዜና፡ ቀጠባ ውድብ፡ ወዘተ. ተመደቡ። ኣለም ኣብ ቀጠባ ውድብ በጺሕዎ ናብ ሂምቦል ከደ። ካብኡ ድማ ናብቲ ኣብ ሓለቡ ዝበረ ቀጠባ ግንባር ተወዘወ።

ስወእ ኣፈወርቂ ወዲ ዓዛሩ እዩ ተቐበሉዎ። ኣብኡ ኣብ ዝጸንሓሉ፡ በቲ ኣብ ትምህርቲ ዝበሮ ተጉዳስነትን ወዑይ ዕድመ ንእሰነትን ተደሪኹ ንጡፍ ተሳትፎ ብምርኣዩ፡ ኣብ ኣካዳሚ ዝተዋህበ ስልጠናታት ካብ ግንባር ምሉእ ቀዳማይ ብምውጻእ ተሸላሚ ኖትብክ ዝኸኣሉ እዋን ነበረ።

ሸውዓተ ጸዑቕ ወራራት ደርግ ዘፍ ኢሉ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓሪዱ ዝበረ ውቃው እዝ ብ1984 ኣብ ዝተዓለወ መጥቃዕቲ ንምስታፍ፡ ኣለም ምስ ገለ ብጾቱ ካብ ሓለቡ ናብ ዜሮ ከደ። ኣብኡ ሓኪም ተመዲቡ ናብ ፋሕ ምስ ቀጸለ፡ እቲ ህዝባዊ ግንባር ዝወሰዶ መጥቃዕቲ ስለ ዝፈሸለ፡ ናብ ዜሮ ክምለሱ ተገደዱ። ኣይጸንሐን ግን፡ ዘዳግም ካልኣይ መጥቃዕቲ ተወሰደ፡ ጸላኢ ካብ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል ተጸርገ። ኣብዚ'ዩ ኣለም ምስታ ተኸሊጥ ኩይኑ ናብ ኣሃዱኡም ዝተመደበት መንእሰይ ተጋዳሊት ኣብርሀት ተስፋሚካኤል ዝተላለዩ። ብጻል ኣብርሀት፡ ካብ ክፍሊ ቀጠባ ሂምቦል ናብ ግንባር ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ዜሮ፡ ተመደባ። እዚ እዋንዚ ኣውደድባ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ደረጃ ብርጌድ ናብ ክፍለሰራዊት ክብ ኣብ ዝበለሉ፡ ቀጠባ ውድብ ናይቲ ኣሃዱ ኸኣ ናብ ግንባር ክ/ሰ/ 70 ተሰጋገረ። ኣለም ሓኪም ስለ ዝበረ፡ ገዛ ተፈልዩሉ ሕክምናዊ ኣገልግሎት እናሃበ ብጹቱ ኣብ ምምሃር ተጸምደ።

ኣብርሀት ክቱር ድሌት ትምህርቲ ስለ ዝበራ፡ ምስ ኣለም ጥቡቕ ርክብ መስረተት። ምስ ዕድመኣ ብምጽጻር ኣመና ብስልቲ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ኣሃዱ - ፖለቲካ፡ ማእቶት፡ ባህላዊ ንጥፈታት - ንጥፍቲ ነበረት። ኣብ ኑቐፈታን ኑፍሱ ኑቐፈታን ሓያልን ግሉጽን ተሳታፍት ዝበራ ኣመና ምቕልልትን ወፋይትን ብጸይቲ'ያ። ኣለምን ኣብርሀትን ዝምድና ደኣ ኣይግበሩ'ምበር ምቕርራብም እናዓመቐ ብምኻዱ፡ ኣብ ዓይኒ ደቂ ኣሃዱኦም ክኣትው ግዜ ኣይወሰደሎምን። "ሽባብ" ብዝብል ሳጓ ዝፍለጥ ዝበረ ኣለም፡ ኣብርሀት ሕልፍ ኣብ እትብለሉ 'ሓለፈት' እናበሉ ዝዋዘዩሉ ደቂ-ኣሃዱኡ ኣይውሓዱን። በዚ ከይተሰናበደ ግን እቲ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ርክብ መለሱ ቐጸለ። ኣብ ልዕሊ ትምህርቲ ዝበራ ክቱር ድሌትን መንፍዓትን'ዩ ብቐንዱ ንኣለም ብዝኸኣሎ ክምህራን ክቐርባን ዝደፋፈኦ።

"ሰውራ የላ'ምበር ኣየማኩን" ክብሃል መቸም ሓቂ'ዩ። ኣብ ሓደ መኣዲ ውግእ ተቐሪቦም፡ ብሉጻት ከፊልኻ ዝተረፍካ ንሓድሕድ ተጸናንዕካ ክሰዕ'ታ ትሰውኣላ ዕለት ብልዑል ብጻያዊ ፍቕሪ ክትዓዓዝ ጸሒትካ "ተኸሊፕ" ሀሩግ ትብሎ። ኣብ ኩሉ ኣሃዱታት ዘለዉ ኩሎም ተጋደልቲ ብጾትካ ይኸኑ ደኣ'ምበር ካብ ዝለመድካያ ኣሃዱ ምፍላይ ቀሊል ኣይኩነን። ብፍላይ ከኣ ካብ እተፍቅራ



ግንቦት 1990፡ ኣብ ዓዲ-ቐይሕ - ገብረኪዳን መንገሻ (ገሬ)፡ ኣለም በርሀ (የማናይ)

ብጸይቲ ዘሎቶ ኣሃዱ ምፍላዩ። ምቅርራብ ኣለምን ኣብርሀትን ኣብ ወዑይ ደረጃ እንከሎ'ዩ ተኸሊጥ ዝመጸኦ። ሚእትን ሓደን (101) ዝበሃሉ ዞባዊ ሰራዊት ካብ ድሕሪ መስመር ናብ እንዳ ሰበይ (ብጻል ኣለም) መጺኡ'ሞ ተኸሊጥ ተኻየደ። ፍርቆም እንዳ ሰበይ ናብ ክፍለሰራዊት 16 ተመደበ። ኣብርሀት ከኣ ምስኣቶም ከደት። ኣለም፡ ምቕያር ኣብርሀት ገለ ዘይቁጸጸር ስምዒት ፈጠረሉ። ድሕሪ'ቲ ተኸሊጥ፡ እንዳ 16 ናብ ሓለቡ ክኸዱ እንከለዉ፣ እንዳ 70 ኣብ "ዜሮ" ጸንሐ። ኣይጸንሐን፡ ብምሉኡ ክፍለሰራዊት 70 ናብ ናቕፋ ምስ ተቐየረ፡ ክፍለሰራዊት 16 ከኣ ኣሰሩ ሰዓበ።

ይቕጽል

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

ሽባብ
ሃማመተኤ

# ኢሂን ምሂን

# ካብ ተግባር ሰማእታትና እንታይ ንመሃር




**አሚራ ሰናይ**
**(ሚ/ትምህርቲ፡ ኣማኻሪት ስነልቦና)**

ቅድም ቀዳድም ንቕሓት። ንኹሉ ዝእለም ውዲታትን ሸርሒታትን ብንቕሓት ኢኻ ትስዕሮ። ሰማእታትና፡ ናይ ገዛእ ርእሶም መለለአዪ ባህልን ክብርታትን ክሃንጹ ዝኸኣሉ፡ ነቲ ቓልሲ ዘዐውት ንቕሓት ስለዘማዕበሉ እዩ። እንተ ነቒሕካ፡ ንኹሉ ተጻብኦታት ገጢምካ ክትስዕር ኣይትጽገምን ኢኻ።

ብመንነትካ ምሕባን፡ ንስለ ህዝብን ሃገርን ምብጃው፤ ሓለፉ ከይተጸበኻ ንሓድሕድካ ከይተገዳዳዕካ ብልዑል ተወፋይነት ድርብራብ ዕማማት ምዕማም፤ ንጽጉማት ምሕጋዝ፤ ንዞባዊን ኣህጉራዊን ሰላም ምስራሕ፡ ዝናር ልምዓትን መኸተን ዓጢቕካ መስተርሆት ክትፈጥር ምግዳል ካብ ተግባር ሰማእታትና ተማሂርና ብንቕሓት ክንሰርሓሉ ከድልየና እዩ።

***



**መምህር ኪዳነ ሽሞንዲ**
**(ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ)**

ሰማእታትና ብዘይ ሃገር ክብረት ከምዘየለ ብግብሪ ክምህሩ ጫፍ ሃገራውነት ተሰቒሎም መስዋእቲ ሂወት ዝኸፈልሉ ዕላማ እቲ ዝኸበረን ዝኸበደን ሓደራ እዩ። ባህልን ክብርታትን ሰማእታትና ካብ ሓፋሽ ነቒሉ ዕላማ ሓፋሽ ንምጭባጥ ከኣ ዓቢ ኣገልግሎት ዝገበረ ረቂቕ ሓይሊ እዩ። ሰማእታት ኤርትራ፡ ዓወትን ሂወትን ውልቀ-ሰብ ብዘይ ዓወትን ሞጎስን ሓፋሽ ትርጉም ከም ዘይብሉ፣ ብዘለካ ዝከኣለካ ምግባር፡ ኣርሒቕካን ኣስፊሕካን ምሕሳብ፡ ንዕላማኻ ክሳብ መስዋእቲ ምኽፋል ምቕራብ ምሂሮም። ሰላምን ልምዓትን ብስራሕን ኣብ መስርሕን

ከም ዝርከብ እምበር፡ ከም ማና ካብ ሰማይ ከም ዘይነጥብ ምኗኑ ምሂሮምና እዮም።


***



**ፊልማዊት መዓሾ**
**(ሚኒስትሪ ሕርሻ)**

ኩሉ'ቲ መለለዪ ባህልን ክብርታትን ሰማእታትና ኢልና ክንገልጾ ዝጸናሕና፡ ክንመሃረሉ፡ ክንትግብሮን ንውሉድ ወለዶ ክነሰጋግሮን ዝግባእ እዩ። እዞም ናይ ሕጂ ወለዶ፡ ተማሂርናሉስ ብግብሪ ነመስክሮ ኣሎና። ካብ ባህልን ክብርታትን ቀዳምት ሰማእታትና ተማሂርና ኔርና እንተ ዘይንኸውን፡ ነዚ ቕድሚ ኣዋርሕ ኣጋጢሙ ዝነበረ ከቢድ ፈተነ ብተዓጻጻፊ ዓወት ክንሰግሮ ክሳዕ ክንደይ ምጸገመና ንምግማት ዘጸግም ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ንሃገር ውፉይ ምኳን፣ ምጽማም፣ ዕላማኻን ራኢኻን ንምዕዋትን ከቢድ ዋጋ ምኽፋል፣ ሓድሕዳዊ ምክብባር፣ ከፋፊሊ ኣተሓሳሰባታት እናተቓለስካ ንሓድነታዊ ስኒትን ስጥመትን ምስራሕ ወዘተ. ግብራዊ ተመኩሮ ሰማእታትና እናዘከርናን እናሐደስናን ብዝግባእ ክንሰርሓሎምን ናብ ዝመጽእ ወለዶ ክነሰጋግሮምን ከድልየና እዩ።

***



**ፊዮሪ ተስፋ**
**(ማ/ቤ/ጽ/ ሃማመተኤ)**

ኩሉ ኣብዚ ዓለም ዘሎ ሓላፋይ እዩ። ግዳ ክልተ ዓይነት ምሕላፍ እዩ ዘሎ፤ እቲ ሓደ ሞት፡ እቲ ሓደ መስዋእቲ። ክልቲኡ ሞት ምስ ናይ ገንዘብ ወጻኢታት ክነዛምዶ ንኽእል። ዝኾነ ሰብ ገንዘብ ወጻኢ ክገብር ከሎ፡ በቲ ወጻኢ ዝገብሮ ዝኸሰበሉ ነገር ኣሎ። እንተ ዘይከሲብሉ ግን ከሲሩ ይብሃል ብዓይኒ ምሕደራ ገንዘብ። እቲ ካልኣይ ወጻኢ ኸኣ ዕዳኡ ኸፊሉ መኽሰብ ክረኽበሉ

እንክሎ'ዩ።

ናይ ሰማእታትና እምበኣር ኣብ ወለዶኦምን መድረኾምን ዝተሓተትዎ ዕዳ ከፊሎም ምስ መኽሰቡ ሃገር ኣረኪቦም ዝኸዱ እዮም። ንሕና ከም መንእሰያትከ ወለዶናን መድረኽናን ዝሓተና ሕቶ ንምልሰዶ ኣለና ንዝብል ሞጎት፡ ካብ ተግባር ሰዉእ ኤርትራዊ መልሲን ትምህርትን ንረኽበሉ። ወትሩ ንሃገርካን ህዝብኻን ድሉው ኴንካ ሃገርካ ትሓተካ ምፍጻምን ክሳብ መስዋእቲ ድሉው ምኳንን።

***



**ፎኣድ መሓመድ**
**(ኣባል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ)**

በቲ መለለዪኦም ዝኾነ ባህልን ክብርታትና ናጽነት ኣረኪቦምናን ሉኣላውነታ ኣውሒሶምልናን እዮም። እቲ ካብ ተግባር ሰማእታትና እንመሃሮ፡ ናብቲ ህዝብና ዝብህጎ ራእዩን ዕላማታትን ክንበጽሕ ብተወፋይነትን ምስራሕ፤ ኣብ ዝሃለና ንሃሉ፡ ሃምናን ቀልብናን ምስ ሃገርና ክኸውንን ፍሉይነትና ክነመስክርን፤ ባህልን ክብርታትን ሰዊኣትና ብምልኣት ክንትግብር፤ ኣብ መኸተን ልምዓትን ሃገር ኩሉ ካባና ዝጥለብ ክነበርክት።

***



**ሚኪኤል እያሱ**
**(ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ጎስጓስን ሓበሬታን ሜካ 74)**

ቲ ካብ ሰማእታትና ከም ባህሊ ክነስርጾ ዝግብኣና፡ ልዕሊ ኹሉ ሃገር ከም ዝኾነትን ብዘይ ሃገር ክብረት ከም ዘየለን እዩ። ሃገር እንተ ዘየላ ህላውነትና ዘስግእን ምንባርና ትርጉም ከም ዘይብሉን ክንርዳእ ይግባእ። ብጻይነት፡ ትግሃት ስራሕ፡ ጻውዒት ሃገር ምቕባልን

ክሳዕ ህይወትካ ክትከፍል ድሉው ምኳንን ካብ'ቶም ካብ ሰማእታትና ክንወርሶም ዝግባኣና ክብርታት እዮም።

***



**ሃብቶም ገብረሂወት**
**(ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን)**


እቲ ቐዳማይ ክብሪ ነቲ ዝቖምካሉ ወይ ከኣ ዝኣመንካሉ ዕላማ ክሳብ ናይ ህይወት ዋጋ ክትከፍል ድልውነትካ ምርግጋጽን ኣብ ዓወት ክሳብ ዝበጽሕ ምጽዓትን፤ ኣብ ኩሉ ዘጋጥም መሰናኽልን ዕንቅፋታትን ድማ ትስፉው ኴንካ ክንዮ ዝርኣዩ ጸገማትን ብድሆታትን እተማዕድወሉ ናይ ዓወት ስነ-ኣእምሮ ምህናጽ፤ ወልቃውነት ወጊድ ኢልካ ስለ ሃገርን ህዝብን ምብጃው፤ ረብሓኻን ራህዋኻን ኣብ ሓባር ከም ዝምስረት ምእማን፤ ንኹሉ እትኸዶ ጉዕዞ ብመደብን ብህድኣትን ኣነጻጺርካ ምጥማት፤ ጸገማት ኣብ ዘጋጥም እዋን ድማ ብዓቕልን ትዕግስትን ረጊእካ ብምሕሳብ ምውሳን፡ ንምፍትሑ ምቅላስን፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ብዘይ ሃገር ክብረት ከምዘየለ ምግንዛብ።

***












ሃገር፡ ኣብ ረዚን ዝኸሪ ሓበን!!
20 ሰነ 2024
ንነባሪ ዝኽሮም
ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ -ታእዛዝ ኣብርሃ

# ኮለንትንኣ ንስለ ሃገር ዝወፈየት ስድራ

ዳህላክ ነጋሲ

ቀዳማይ ክፋል

ሰብ ኣብ ዝኣምነሉ ዕላማ ክጸንዕ ከምኡ ድማ ምእንታኡ ዋጋ ክኸፍል ክንደይ ሓላል እዩ። እቲ ዋጋ'ቲ መተካእታ ዘይብላ ህይወቱ ዝሓትት ዋላ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ዕላምኡ ንምብጻሕ ንሞት ከም ንቡር ይርእዮ። ሰውራ ኤርትራ ንሞት ብዝቀዳደሙ ምዑታት ተቓለስቲ'ዩ ናጽነት ከረጋግጽ ዝኸኣለ። ተጋደልቲ "ኣነ ክሓልፍ፡ ንሸኻ ጽናሕ" ዝብል ወርቃዊ ክብርታት ዓጢቖም፡ ንውልቃዊ ራህዋ ዘይከኑ ንሓፋሽ ብዝቐደም ስሑሉብ ተኸሲኮሶም፡ ክብርቲ ትንፋሶም ንስለ'ዚ ክቡር ህዝብን መሬትን ኣወፍዮም።



ኣደይ ኣምለሰት ወልደማርያም

20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ ናጽነት፡ ሰላምን ምዕባለን ሓፋሽ ህዝቢ ንምርግጋጽ ገንሸል ንዝኾኑ ሰማእታት እንዝክረላ ክብርቲ ዕለት'ያ። ሰማእታት ኤርትራ ዘይትትካእ ህይወቶም ወፍዮም፡ ካብ ባርነትን መግዛእትን ሓራ ብምውጻእ ልኡላውነታ ዝተኸበረ ሕፍርቲ ሃገር ኣረኪቦምና። ጀጋኑ ሰማእታትና፡ ዘሸገርዕ ታሪኽ ጽንዓት፡ ተወፋይነት፡ ጅግንነት፡ ተጻዋርነት፡ ብጻይነትን ካልእ ረዘንቲ ክብርታትን ንወለዶታት ዘውረሱ እዮም።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንእተወሰነ ዓሌት፡ ጾታ፡ ብሄርን ቀቢላን ዝተሓተ ኣይነበረን። እንታይ ድኣ፡ ብመጻኢ ዕድል ህዝባን ሃገርን ኣርሒቑ ንዝጥምት ኩሉ ኤርትራዊ ዝተፈ'ዩ ነይሩ። በዚ እምበኣር፡ ናጽነት ምስ ዝቔብጦ ውሑስ ሰላምን ዕብየትን ከም ዘረጋገጽ ብምእማን፡ ሓፋሽ ኣንጻር ኮሉ ብደሆታት ንምምካም ንሜዳ ይውሕዝ ነይሩ። ስድራ-ቤታት ኣኣብ ጸባሕ ናብ ሰውራ ንዝጸንበሩ ደቀን ዓወት ሐዘም ክምለሱ እናመረቓ የፋንዋኦም ነይረን። ክጽ'ዚ እውን ምሉኣት ኣባላት ስድራ ጎጆኦም ራሕሪሖም፡ ናብ ቃልሲ ክጸንበሩ ይረኣዩ ነይሮም።

ስድራ እንዳ ኣቦይ ሃይለ ሓጎስን ኣደይ ኣምለሰት ወልደማርያምን እውን ሓንቲ ካብ'ቶም ምሉኣት ኣባላት ስድራ ሐዚን ናብ ቃልሲ እተጸንበራ እያ። ኣርባዕተ ደቂ እታ ስድራ ናጽነት ንምምጻእ ብጅግንነት ተሰዊኦም። ኣቦይ ሃይለን ኣደይ ኣምለሰትን፡ ማስዋእቲ ጀጋኑ ደቆም ብሓበን ተቐቢሎም ምስ'ቶም ብህይወት ዝተመለሱ ደቆም ብሰላም ክቡብሩ ትምኒቶም ነይሩ። የጕዳሲ ድሕሪ ናጽነት እውን ወራር ወያነ ስለዘጋጠመ፡ ሓደ ወደም እውን ኣሰር ዝቐደሙ ኣሕዋቱ ልኡላውነት ሃገር ንምውሓስ ተሰውኣ። ሽዑ'ውን እታ ብሓያል ጽንዓታን ሓቦኣን እትልለ ስድራ እንዳ ኣቦይ ሃይሉ ንስለ'ዛ ክብርቲ መሬት ንዝተሰውአ ሕሰልደ ወዳ ብትብዓት ተቐበሉቶ። ብድሕሪ'ዚ፡ እታ ስድራ ኣብ ዘይተጸበየቶ እዋን ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ግቡኡ ዝፍጽም ዝነበረ ወዳ ብዝደብታዊ ሓደጋ ተሰውኣ። ማስዋእቲ ሓሙሽተ ደቆም ዝኸበዶም ኣቦይ ሃይለ እውን ድሕሪ ትሽዓተ ወርሒ ደድሕሪ ወዶም ብማስዋእቲ ተፈለዩ። እታ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ምስ ደቃ ኣብ ሜዳ ብምስላፍ፡ ዓጢቓ ዘዕጠቐት ሓየት ኣደ ግን፡ ኣብዚ እዋን ምስቲ ብህይወት ዝተረፈ ሓደ ወዳ ብሓቦር ትነብር ኣላ።

ኣቦይ ሃይለ ሓጎስን ኣደይ ኣምለሰት ወልደማርያምን፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ - ብእንዳ ማርያም ኣብ ዝፈለጥ ከባቢ እናነቐመጡ ምዉቕ ሓዳር ይመርሑ ነይሮም። ስድራ እንዳ ኣቦይ ሃይለ ፍረ-ብርኮም ዝኾኑ ወልደትንሳኤ፡ ኣልማዝ፡ ቢንያም፡ የናስ፡ ኣማኑኤል፡ ሰለሞን መርሃዊን ዝበሃሉ ደቂ ኣፍረዩ። ንኣደይ ኣምለሰት ወዲ ሐማኣን ዳዊት ዝተባህለ ወሉደን እውን ምስ ኣሕዋቱን ወላዲቱን ጥቡቕ ርክብ ነበሮ። ኣቦይ ሃይለ ካብን ናብን ዝመላለሱ መራሒ ማኪና ብምንባሮም፡ ደረጃ መነባብሮ እታ ስድራ ጽቡቕ እዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ ኣብ 1975 ኣብ ኣስመራ ግፍዕን ዕግርግርን ጸላኢ ሰማይ ኣብ ዝዓረገሉ እዋን፡ ዜጋታት 'ዓፋን' ተባሂለን ብዝጽዋዓ ማካይን ይጭወዩ፡ ኣደዳ ማእሰርትን ካልእ ዘሰኻሕኽሕ በደልን ይኾኑ ነበሩ። ኣቡኢ ጸንኩር ግዜ ድማ ኣቦ እታ ስድራ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ንሓደ ዓመት ዝኣክል ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጕኑ። ድሕሪ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ምውጽኦም ድማ፡ መላእ ስድራ-ቤት ነታ ካብ ኣስመራ ኣስታት 8 ኪሎ ሜተር ንሰሜን ርሒቓ እትርከብ ዓዶም ዓዲ-ንፋስ ክየዕዙ ወሰኑ።

ስድራ እንዳ ኣቦይ ሃይለ ቅድሚ ናብቲ ኣብ ዓዶም ዝሃጽዋ ገዛ ምግዓዞም፡ ፈለማ ወልደትንሳኤ ብድሕሪኡ ከኣ ዳዊት ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ናይ ግዜ ፍልልይ ብ1974 ንገድሊ ወጹ። ኣብቲ እዋን'ቲ እቶም ኣሕዋት ዕድመኦም 17ን 16ን ዓመት ነበረ። ብዘይካ'ዚ፡ ወልደትንሳኤን ዳዊትን ቅድሚ ናብ ገድሊ ምውጽኦም፡ ኣብ ውሽጢ ከተማ ምስ ብጾቶም ብምሻኽ እተፈላለየ ሰውራዊ ዕማም ይፍጽሙ ነይሮም።

እታ ስድራ ካብ ኣስመራ ወጺኣ ኣብ ዓዲ-ንፋስ ምንባር ኣብ ዝጀመረትሉ ግዜ'ውን እንተኾነ፡ ግፍዕታት ጸላኢ ኣሰር-ኣሰራ ተኸቲሉ ኣርከቦ። ሓደ መዓልቲ ኣብቲ ዓዲ ዝኣተወ ወተሃደራት ጸላኢ፡ ኣብ ልዕሊ ንጹሃን ዜጋታት ዘሰኻሕኽሕ በደል ንምፍጻም ብረቶም ንቕድሚት ኣቐኒዖም ጉዙዞ ክፍትሹ ጀመሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣቦይ ሃይለ ገይሾም ብምንባሮም፡ ኣደይ ኣምለሰት ሕንፍጫላት ደቀን ሓቝፈን 'ዕጫይ እንታይ ኩን ይኾውን' እናበላ ተኸሩምዎን ይጸበያ ነበራ። እቶም ናብ ቤተን ዘምርሑ ወተሃደራት ጸላኢ ኣብቲ ግዛ ዝጸንሖም ገዛውቲ ራስዮም፡ ነታ ስድራ ኣቦካቦሶማ ወጽኡ። ነታ ምልእቲ ዓዲ ግን ኣኸቢቦማ ነበሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣደይ ኣምለሰት ነፍሱጾርን ኑቲ ከባቢ ጋሻን ስለዘነበራ፡ ምስ ደቀን ጸሊቑን ዝወጸሉ መንገዲ ሓርቢቶወን እናሃለወ ሃዲመን ንብረኻ ወጺኣን ዝወዓላ ንዕልተን ከምልቖኣን ኢለን ናብ ገዛኣን መጽኣ። ወተሃደራት ጸላኢ ዘንደድዎ ገዛውቲ እናተቓጸለ እንከሎ ድማ ካብቲ ዓዲ ኣምሊጠን ወጽኣ። ብበለዛ ኣቢለን እውን ኣብ ገሊርያ ተሓቢኣን ወዓላ። እቲ ዝተሓብኣሉ ከባቢ ሸነኽ ርእሲ ዓዲ እውን ውግእ ይካየደሉ ነበረ። ኣደይ ኣምለሰት ኣብ መንጎ ክልተ ኩናት ተቐርቂረን ኑቶም ገና ዘይዓኾኹ ህጻናት ደቀን ሓቝፈን ኣብ ትሕቲ ገለርያ ተሓቢኣን ወዓላ።

ስድራ እንዳ ኣቦይ ሃይለ ኣብ ዘዕረፈትሉ ሰፈራ እናተኸተለ ደድሕሪኣ ዝሰዓብ ዝነበረ ግፍዕን ጭቑንን ጸላኢ፡ ሕጂ'ውን ኣይተጋደፉን። ሽዑ'ውን ኩናት ኣብ ድርፎ ስለዝተወልዐ፡ ጾር መላእ ስድራ ኣብ ዝፀሮን ዝተሰከማ ኣደይ ኣምለሰት ከም እንደገና ደቀን ሐዚን ናብ ኣስመራ ተመልሳ'ሞ፡ ኣብ ኣርባዕተ ኣስመራ ክቕመጣ ጀመራ። ኢጋጣሚ ኩይኑ ኣብቲ ዝቕመጣሉ ዝነበራ ካንሸሎ ሓደ ወተሃደር ኢትዮጵያ ይቕመጥ ነበረ። ንደቀን ክጠማመዩምን ወንበዴታት ክብልዎምን ድማ ጀሚሩ ነበረ። ኣብ ከተማ ኣስመራ መግዛእታዊ ኣደራዕ ካብ ዝበኣሰ ናብ ዝኸፍኣ ኣንፈት የምርሓሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ እምበኣር፡ ኣባላት ፈዳይን ናብ ኣደይ ኣምለሰት መጺኦም፡ ደቀን ሐዚን ናብ ሳሕል ክብጽሳ ሓበሩወን። ኣቦይ ሃይለ ግን ድሮ ኣቐዲሞም ማለት ኣብ 1975 ናብ ሜዳ ብምውጻእ ኣሰር ደቆም ሰዒቦም ነበሩ።

ኣቐዲሙ ናብ ሜዳ ዘምርሐ ወልደትንሳኤ ወደን ወላዲቱ ሸዱሽተ ቈልዑ ሐዚን በይነን ከዕብያኦም ከም ዝኸብደን ሓበሬታ ስለዝነበሮ'ዩ ኣደይ ኣምለሰት ምስ ደቀን ክወጻ መምርሒ ዝተዋህበን። በዚ መሰረት፡ ኣብ 1976 ሸዱሽተ ደቀን ሐዚን ብመንገዲ ዓዲ-ንፋስ ናብ ዛግር ብምኻድ፡ ምስ'ተን ተመሳሰሊ ሸገር ዝነበረን ካልኦት ኣደታትን ህጻናትን ተጸንበራ። እተን ዝተኣከባ ኣደታት ብማካይን ተጻዒነን ብፍልፍል-ሰለመና ኣቢለን ናብ ሳሕል - 'ደብዓት' ናብ ዝበሃል ቦታ ኣምርሓ። ካብ'ቶም ቈልዑ ብዕድመ ዝዓበየት ጓል 10 ዓመት ኣልማዝ ክትከውን እንከላ፡ መርሃዊ ድማ ገና ዓመቱ ኣይመለአን ነበረ።

ኣደይ ኣምለሰት ናብ ሳሕል ንምኻድ ዛግር ምስ ኣተዋ፡ ደሃይ ብዋልቤተኛን ደቀንን ናይ ምርካብ ክቱር ሃንቀውታ ነይሩወን። ግን ክረኽበኦም ኣይከኣላን። ኣልማዝ ቢንያም፡ የናስን ኣማኑኤልን ንትምህርቲ ካብ ደብዓት ናብቲ ኣብ ዘሮ ዝነበረ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣምርሑ። ኣደይ ኣምለሰት ምስ ክልተ ደቀን ኣብ ንጥፈታት ምግዛብን ምሕጻብ ክዳውንትን ተዋፊረን ብዘወፋይነት ይሰርሓ ነይረን። ኣብ ደብዓት ከይተሓጻረ'ውን ንስለሚ ጓለን ምስ'ተን ኣደታት ገዲፈን ኑቲ ሕሰልደ ወደን ሐዚን ናብ ሰር ቀጠ ዝበሃል ቦታ ንምእቶት ከዱ።

ኣብ እዋን ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ዝተሓልፈ መድረኻትን ጸንከር ኩነታትን ገና ካብ ዝኽሪ ኣደይ ኣምለሰት ኣይሃሰሰን ዘሎ። ኣብ 1978 ምዝላቕ ንኸሉ ደጀናት'ዩ ጸልዩዎ። ተማሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ካብ ዘሮ፡ ኣደታት ድማ ካብ ደብዓት ናብ ጀልሃንቲ (መሬት ሱዳን) ኣተዉ። እቲ ቦታ ኣዝዩ ሃሩርን ምድረ-በዳን ብምዃኑ፡ ንምቕማጡ ኣሸጋሪ እዩ። ዋሕዲ ማይ እውን ነይሩዎ። ሽዑ እዋን ኣደታት ብጕንታታት ተወዲበን ናብ ፖርት ሱዳን ንምእቶት ይኸዳ ነይረን። ኣደይ ኣምለሰት ድማ ከም'ተን ካልኦት ኣደታት ብምኽንያት ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣብ ፖርት ሱዳን ንኣርባዕተ ወርሒ ዝኣክል ተቐሚጠን ነይረን። እተን ኣደታት ካብ ሜዳ ርሒቐን ኣብ መሬት ሱዳን ይቕመጣ ብምንባረን 'ኩነታት ደቀንን ጕዕዞ ሰውራ ኤርትራን ኣብይ በጺሑ ዝብል ሕቶታት ብዙደጋገሚ የልዕላ ነይረን። በዚ እምበኣር፡ ካብ ብርጌዳት ዝተዋጽኡ ጕጅለ ባህሊ ናብቲ ቦታ እናመጹ፡ ብዛዕባ ወተሃደራዊ ዓወታትን ህሉው ኩነታትን ሰውራ ኤርትራ ሓበሬታ የስንቑወን ነበሩ።

ኣብ እዋን ሻድሻይ ወራር 1982፡ መንግስቲ ሱዳን ንተጋደልቲ ሰውራ ኤርትራ ካብ ጀልሃንቲ 'ይውጽኡ' ስለዝበለ፡ ተማሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ለይትን መዓልትን እናተጓዕዙ ናብ ዓራግ ኣተዉ። እተን 'ይኽፋእ ይጥዓም ምስ ደቅና' ዝብል ምርጫ ዝወሰዳ ኣደታት እውን ናብ ዓራግ ኣምርሓ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣደይ ኣምለሰት ዝርከባኦን ብርክት ዝበላ ኣደታት፡ ንማእቶታዊ ዕማም ናብቲ ኣብ ባቕሰ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ካድር ተላእኻ። ብሳላ ናታተን ተወፋይነት ድማ፡ እቶም ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ዝነበሩ ኣስታት 600 ዝኾኑ ተማሃሮ ካድር 14 ዙር ትምህርቶም ብዘይ ዝኾነ ጸገም ዛዘሙ። የጕዳሲ ብድሕሪኡ ዝመጽኡ ተማሃሮ መበል 15 ዙር ትምህርቲ ክጅምሩ እናተቐራረቡ እንከለዉ ኩናት ደማበት ስለዝተወልዐ፡ እተን ኣደታታት'ውን ብኡ ምኽንያት ካብ ባቕሰ ናብ ዓራርብ መጽኣ።

ይቕጽል



ስዉእ ዳዊት ገብረስላሴ



ስዉእ መርሃዊ ሃይለ




ስዉእ ወልደትንሳኤ ሃይለ




ስውእቲ ኣልማዝ ሃይለ




ስዉእ ኣማኑኤል ሃይለ

# ኣብ ቅንያት ረዚን ዝኽሪ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቃ)

ንዘኽርን ክብርን እቶም ምእንታና ህይወቶም ዝበጀዉ ሰማእታትና፡ ብዙሓት ግጥምታትን ዜማታትን ተቓንዮም፡ ዛንታታት ተተረኺቦም፡ ኣወሎን ቴታን ተደርጉሎም፡ ደጉዓታት ተደጒዖም እዮም። ኣብዚ ሰወኣትና እንዝከረሉ ዘለና ህሞት፡ ካብቶም ንሰለ ዝኽርም ዝተዘየሙ ቅኒታት ደምጻውያን ሃርና፡ ንገለ ክንተናኸፍ ኢና ሰናይ ንባብ።



ኣብ እዋን ቃልሰን ምኽባር ልኡላውነትን ዝፈረዩ ኣሰማእታትና ዝዘከሩ፡ ንጽንኩር ኩነታት ዝድህሰሱ፡ ንጽምኢ ናጽነትን ናፍቖትን ዝገልጹ ብዙሓት ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ዝተንከፉ ደርፍታት ፈርዮም እዮም። ገለ ካብ ደርፍታት ደምጻዊ ኣኽሊሉ ፎቶ (ተፈኖ) ምዝካር ይከኣል። ካብ ሱጥበበዊ ስርሓቱ ንምዘኻኸር፡ ፋኑስ ብርኪ ለሎ፡ ኣይረሳዕናዮን 77፡ 'ቲ ዓቢ መማህረይ፡ ዓደይ ናፊቐ...... ደርከበዎም።

ንኣብነት፡ 'ዓደይ ናፊቐ' ትብል ደርፌ ምስ እንርኢ፡ ናጽነት ከፅሚእ ናብ በረካ ዝወጸ ተጋዳላይ፡ ናፍቖት ከምዝበሮ፡ ናፍቖት ስድራቤቱ ኣዕሩኽቱ፡ መማህርቱ ንእሰነት ዝፈለመሉ ይኹን ዝዓበየሉን ቦታ ክናፍቕ ግድነት እዩ። ዕላማ ሰውራዊ ቃልሲ ነዊሕ ዝጠመተ ራኢ እዩ ነይሩ። ቀዳምነት ተሰሪዑ ክዘዘም ስለዘሎዎ ደኣምበር፡ ናብራ ገድሊ ተጋዳላይን ዝምጽኦ ሰብ ክህሉ ከም ዘይክእል ፍሉጥ እዩ። ተቓላሲ ንማስዋእትን መከራን ባዕሉ ኣይከሃገን ከይደዎ፡ እቲ ሞትን መግረፍትን፡ ሓሰርን መከራን ባዕሉ እዩ መጺእዎ። ንኽቃለስ ግድነት ምስ ኮነ ግን፡ ንፆጊ ማስዋእቲ ናተይ ኢሉ ተቐቢልዎ። ብዘይ ሓያል ሃገራዊ ስምዒትን ተበግሶ፡ ጸገማትን ማስዋእትን ዝረጋገጽ ሓርነት ከም ዘለ ፈሊጡ ተቓሊሱ። እምበር ዝዐደፎም ስድራቤቱ ዓዱ፡ መተዓብይቱ፡ ብንእሽተይኡ ዝዓበየሉ ቦታ ዘይናፍቕ ሰብ የለን። ተጋዳላይ ከኣ ሰብ እዩ፡ ወዲ ሰብ ኩሉ፡ ብጾቱ ኩሓልፍ እንክሎ ዘይሓዝንን ዘይቕዝዝን ፍጡር የለን። ደላዩ ናጽነት ከኣ ከምኡ እዩ። ዓቢ ዕላማን ሓደራን ስለዝበሮ ግን፡ ንዝተሰለመ ጉዕዞ ቃልሲ ኣብ መጻልቦኡ ከበጽሖ ነይርዎ። ኣብጺሕዎ ድማ። ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ባህጊ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ምምጻእ ናጽነት እዩ ነይሩ። ብልክዕ ድማ ናጽነት ንምምጻእ ክንደይ ብሉጻትን ምኑጻትን ኤርትራውያን ተኸፊሎ።

ነዊሕ ጉተናኻ በጸል ሚዶ  
ትረአ ዘለኻ ኣቦቲ ማእዶ  
ዝናፍቓ ዓደይ ርሒኻዶ  
ዝናፍቓ ዓደይ።

ክትሸጋር እኽለ እታ ዓደይ  
ይጣበቓላ ብዥቕመይ  
ትረኣየኒ ክትጫሓቕ  
ማሕደር ኩይኑዋ ክትሰቀቕ  
ታህዋኽ ኣሉ ክረኽብ  
ራህዋ ክትሉብሰ ምስ ህዝብ  
ብፀጋ ርስተይ ወጺኣሳ  
ዓደይ ናፊቐ ወሰኑ ኣታ ከመይ ኣሳ....

ዙብል ትሕዝዙ ድማ ኣለዋ። ኣብዚ ንደምጻዊ ተፈኖ ጥራሕ ዘይኩኑስ ኣቦቲ እዋንቲ ንኽሉ እቲ ሃገሩ እናፍቀረ ብስሪ ሕሰም መግዘእቲ ናብ ቃልሰን ሰደትን ዘምርሐ ኤርትራዊ ኑቲ ሽዑ ዝበረ ውዕወዕ ስምዒትን ሃዋህውን ድማ ትገልጽ። እዛ ደርፌ ኣብ ትድረፈሉ ህሞት፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ዝወርድ ዝበረ ግፍዕታትን ኣደራዕን ቅጅል ስለዝበለኳ፡ ስምዒታትካ ትትንክፍ። ተጋዳላይ'ውን ስለዞማዘዶ ደኣምበር፡ ፍጡር ወዲ ኣዳም ስለዝኾነ ኑታ መተካእታ ዘይብላ ህይወቱ ኣመና እናበዛሖ ዝወፍያ ነይሩ። እንተኾነ ሕድሪ ሓፋሽ ዝተሰከመ ብፅምኳ



ንኽብሩን ንኽብሪ መሬቱን ኩሓልፍ ግድነት እዩ። ስለዚ'ዩ ኑታ ከም ብዙይ ዓንዲሩ ዘይመትዎ ንእሰኑ ንሰለ ህዝቡን መሬቱን ዝበጀወ።

ኣንታ ትወፍር በረኻ  
እስከ ጠምት ኣማዕዲኻ  
ኣንታ ትወርድ ንባሕሪ  
ኤርትራ ኢልካ ኣዳምኳ ብሕድሪ  
ተቐቢሉኒ ለበዋ  
ኣይረሳዕኩኽን በልዋ.....

መግዛእቲ ዘሰንከሮ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ኑታ ናይ ብሓቂ ብቕሳነትን ሰላምን ዝሰበረላ ሃገር ክይሊ በረኻ ክሓሪ ተገዲዱ። ባሕርን ከበሳን እናተወናጨፈ ከኣ ሃገር ዞሚሩ። ጨርባሕብሕ ዓመጽቲ ዝመረሮ ሓፋሹ ሆ! ብፅማል ንጨፍላቒ ሓይሊ ካብ ሰሩ ንምምሓው ተበገሰ። መትከልን እምነትን እናተኸተለ ድማ ዓዲ የዕኩኸ።

ሓሰበይ ኩይኑ በረኻ  
ሕልመይ ኩይኑ'ውን ኤርትራ  
ዘይዓንደርኩሉ እቲ ምድሪ  
ኣሰይፋኒ'ቲ ፍቕሪ  
ከይመኻኹዋ ወጺኣሳ  
ዓደይ ናፊቐ ወሰኑ።

ክብል ደሰማዕ። ናጽነት ጊዜፍ መስዋእቲ'ያ ሓቲታ። መተካእታ ዘይርከብ ክቡር ህይወት ተኸፊሉላ። እቲ ዝተኸፍለ ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዋጋ ማስዋእቲ ብመንጽር ቀጽሪ እዚ ህዝቢ ክረአ እንከሎ ከኣ ክብደቱ ብቐለሉ ዝግመት ኣይኮነን። ስለዝኾኑ ድማ ርዝነትን ክብረትን ማስዋእቲ ንምግላጽ ብዙተፈላለዩ ሱጥበበውያን ብዙሓት ሃገራውያን ደርፍታት ዝፈረዩ ዝፈርዩ ዘለዉ። ኣቡታ "ኣይረሳዕናዮን 77" እትብል ደርፉ ምስ እንሰምዕ ድማ፡

ዘይርሳዕ ታሪኻ  
ትዝታ ኣለኪ  
'ታ '77' ኣዚያ ተኸርዒ  
ኣይረሳዕኩዎን '77'  
ኣብሰራት ናይ ባዕዲ ውድቀት  
ዓባይ ዓመት፡ ሓርነት።

ይብል። ኣብ ምዕራፍ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ 1977 ፍሉይ ቦታ'ዩ ዘለዋ። ደላዩ ሓርነት፡ ንኣደራዕን ኣረሜናዊ ተግባራት መግዛእቲን ክቐንጥጥ ተረባሪቡ፡ ብዙሕ ዓወታት ዝተገናጸፈላ ዓመት እያ። ዝተመዝዐ መሰሉን ናጽነቱን ክመልስ ድማ፡ ብፍላይ ካብ 1977 ክሳብ 1978 ኣብ ዝተኻየዱ መረርቲ ውግኣት ዳርጋ ንመብዛሕትኦን ከተማታት ኤርትራን ገጠራትን ሓራ ስለዘበረን ዓቢ ዝላ ነሪ። ዘበናዊ ኣጽዋርን ክሳብ ኣፍንጫኡ ዝዓጠቐ ሽሖ ሰራዊትን ዝተሳዕረሉ እዋን ብፅምነቱ። እዛ እዋን እዚኣ ምስ ምሕራር ከተማታትና ጨፈራ ማስተርሆት ዝኸፈተት እያ ነይራ። ተጋዳላይ ኣብ ኣፍደገ ኣስመራ ዝዓረደሉ ስለዝበረ፡ 'ናጽነት'ውን ንኽትመጽእ ሎሚዶ ጽባሕ ዝበሃሉ ዝበረ ግዜ'ዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ'ዩ ተፈኖ ን'77' "ኣብሰራት ናይ ባዕዲ ውድቀት"፡ "ኣዚያ ተኸርዒ"፡ "ዓባይ ዓመት ሓርነት" ዝበላ። ንሱ፡ ካብ ስምዒትን ትዝታን እዛ ዓመት ከየላገሰ ከም'ዚ ይብል።

ሳሕል ኩይኑ ሎሚ ክዝከሮ  
ዕርዲ ኣናብስ ማንም ዘይደፍሮ  
ታሪኽኻ፡ ጉልጉል ሰላዕ ዳዕሮ  
ይዝከረኒ!  
ኣይረሳዕኩዎን ኣኑ ደፋዕ ናይ  
ቀደመይ።  
ባዕሊ ክስዎእ ክብጃ ኩሓልፍ  
ህይወት ከድሕን ክዥብረላ ጻዕሪ  
'77' ሃዋ ተዘከሪ  
ታሪኽኪ ዘይደምስስ ሓበን'ዩ ንሪ  
ሓበይ!  
ካብ ካርሸም ቁልቁል ኣንቆልቁልና  
ጸርግያ ጸርግያ ማህርዕ ተኸቲልና  
ቆላሕታና ናብ ሰማር ኣቢልና  
ክንድቕደቓታ ዓባይ ሳሊና።

ኣብ'ዚ ዘሕብቦናዮ ሕደማ እንርደኦ ነበራት እንትደኦ ሃልዩ፡ ተጋዳላይ ንዝተገናጸፎም ዓበይቲ ዓወታቱ ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ትዝታ ክሸመም ይረኣ። ዝጠፍኦት ጹሓዩ ንኽብርህ ብኡ ኣቢሉ ድማ ዕድመ መግዛእቲ ንኽሕጽር ግዴታ ኮይኑዎ ንዝተዓራረኸዎም ንዊሕ ዓመታት ዝዓረደሎምን ዕርድታት ብትካዘን ናፍቖትን ክጠቕሶም ይረአ። ይዝርዝር። እቲ እሙን መሬት ምስ ዋናታቱ ዝበሮ ጸንዑ ሃገራዊ ቃል ኪዳን'ውን ኣቃሊሕዎ ኣሎ። ብሓይሊ ንዝተዘምተ ናጽነትን ፍቕርን ህዝቡ ክመልስ ምስ መሬቱ ሓያል ፍቕሪ ስለዝበሮ፡ ኣይረሳዕኩዎን እናበለ ኑቶም ደናገላ ኣእማን ጨቀሉ ዝተታኸሰሉም ደፍዓት ይዝክር፡ 'ሳሕል፡ ሰላዕ ዳዕሮ፡ ካርሸም፡ ጋሕቴላይ፡ ሰማር፡ ሳሊና.... እናበለ ይናፍቖን የናፍቖን። እዚ ከኣ ኣብ መንነ ተጋዳላይን መሬቱን ዝበረ ዘይብተኽ ሰንሰለት ፍቕሪ ዝገልጽ እዩ።

ብፍላይ ኣቦ'ቲ ቀዳማይ ፈተነ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ሓራ ንምውጻእ ዝተጉብረ ርብርብ ዝተኸፍለ መስዋእቲ ከቢድ እዩ። ንሰለ ሓርነት ኣብ ጨው ግራት ሳሊና ዝተኸፈሉ ጀጋኑ ሚዛኑ ክትልክዖ ከቢድ እዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ዕምቀት ቅያን ጅግንነትን ክትፈልጥ እንተደኣ ኩይንካ፡ ሓርነት ዝሓተተቶ ዋጋን መስዋእትን ክትፈልጥ ኣሎካ።

ካብ ዝኽሪ ሳሊና '1977' ከይወጻእና ደርፌ ተኽለ ክ/ማርያም (ወዲ-ትኽል) ምዝካር እኹል እዩ። ወዲ ትኽል ዛ ደርፌ ኣብ ዘውጽኣሉ እዋን፡ ኣብ መጥቃዕቲ ሳሊና 1977 ድሕሪ ምውግኡ እዩ። ኣቦ'ቲ ጸንኩር ኩነታት ኣብ ዒላ ገመል ዝበሃል ቦታ እናተሓከመ ከም ዘውጽኣ'ዩ ዝፍለጥ። ንጽንኩር እቲ ውግእን ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዝወደቑ ጀጋኑ ብጾቱን ኣመልኪቱ ድማ፡ ኣብ ግጥማዊ ዕዮኡ ብኸም'ዚ ክዝክር ይረኣ።

ፈቓዶ ሰንጭሮ ፈቓዶ ገብታት  
ፈቓዶ ሩባታት ፈቓዶ ታባታት  
ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ብጾትና ሰማእታት  
ንዕኦም ንዝክር ህዝባዊ ሓይልታት  
ገሊኦም ሸቃሎ ገሊኦም ምሁራት  
ገሊኦም ሓረስቶት ገለ'ውን ሰብ  
ግራት።  
እዚ ኩሉ ገባዚ ዓጽዕ ምስ ወረደ  
ኩናት ናይ ደጊ ኩሉ እናነደደ  
ካብኡ ኩብኩብዎም ሕንፃብሎ ዓረደ



ሕንፃብሎ ሓሊፉካ ሩባ ናይ ሳሊና  
ዝበን ርእሲ ዓዲ ዝፈሰሰ ደምና  
ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ናይ ግድን'ዩ  
ዓወትና።  
ጅግና ተጋዳላይ ደሙ እናኣፍሰሰ.....  
እናበለ ድማ ይቕጽል።

እዛ ሰውራዊት ደርፌ፡ ብፍላይ ኣብቲ እዋን'ቲ ኑቶም ኣብ መትከልን ፍቕሪ ሃገርምን ሰጢሞም እናተቓለሱ ከም ሞኢ ሃገር ዝተኸፍሉ ጀጋኑ ስለ እተዘኻኽር ፍሉይ ቦታ ኣለዋ። ንቅወም-ነገርም፡ ሰሓቖም፡ ሞራሎም፡ ጸገሞም፡ ኣሰላልፋኦም ስለ እትገልጽ። ብሓፈሻ ከኣ ንኸሎም'ቶም ምእንቲ'ዛ ሓላል መሬት ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ኩናት ዝወደቑ ሓርበኛታት እትገልጽ ጽብቕቲ ስነጥበባዊት ስራሕ እያ። ሓረስታይ ካብ ማሕረሱ፡ ምሁር ካብ ቤት ጽሕፈቱን ትምህርቱን፡ ዲያቆን ካብ ቤተክህነቱ፡ ተመሃራይ ቁርኣን ካብ መስጊዱ፡ ሸቃጣይ ካብ ንግዳዊ ንጥፈታቱ፡ መርዓዊ ካብ ሕጽኖቱን ሕቝፌ መርዓቱን..... ናብ በረኻ ብምውሓዝ ኣብይ ኣብ ምስዓግ ከም እተዋፈረን ማስዋእቲ ከም ዝኸፈለን እተዘክር እያ። ኑቶም ሓርነት እናደለዩ ሓወልቲ ህላወ ዝተኸሉ ምዑታት ጀጋኑ እተዘኻኽርና ሓወልቲ ዝኽሪ እያ። * * *

ኣንታ ሩባ ኣልጌና ተሰልየኒ ዶኾን  
ተሰልየኒ  
ታባ ፍረወይኒ ተሰልየኒ ዶኾን ተሰልየኒ  
ኣንታ ደብረ እመኑ ተሰልየኒ ዶኾን  
ተሰልየኒ  
ኣደ መረር እዋን ከመይ ትኸኒ ቀጣን  
ከመይ ትኸኒ።  
ኣንቃዕሪረ ክጥምት ናብኪ ጎቦ  
ዘራፍ ኢሉ ክመጽእ ጎዳሙ ጎዳመየ  
ዓራርባይ ኩሓልም፡ ዓለም ብዓለመየ  
ክንዲ ክንዳይ ሓሊፍኩም፡ ቅድሚት  
ትኸይደመየ  
ኣብ'ዚ ጎቦ ኣብዚ ሕሰም ዘለኹም  
ጀጋኑየ  
ዓይነይ ይኑብዕ ኣሎ ምስሉኹም ዘኪሩየ  
ዓዲ ወርቃዊ ዕድመይ ብኸንዛይ  
ከለኹዩ።

እዛ ግጥሚ ንጉዕዞ ሓርነትና እተዘክርቕ፡ ኣደፋናቒት ግጥሚ'ያ። ሓንቲ ካብዘን ኣብ 2014 ንዝኽሪ ምሕራር መጥቃዕቲ ውቃው እዝ ተባሂለን ዝቐረባ ደርፍታት ደምጻዊት ኣብርሀት ኣኽረ (ጓል-ኣኽረ) እያ። ኣብ'ዛ ግጥሚ ዘሎ ንድቀተ ቃላት ትዝታን ምስትንታን ክቱር ናፍቖት.... ዝኣማሰሉ ማስመር ኮብሕታት ተወቂጦም ኣለዉ። እዛ ግጥሚ፡ ተጣዪሳካ ንዘይምለስ ወርቃዊ ዕድመ ንእሰነት፡ ንኣቐንዛዊን ሕሰምን ግዜ ግን ከኣ ጥዑም ህይወት ብጾትን ገድልን፡ መከራን መሰገደልን፡ ናፍቖት መቓልስትን ቦታታትን.... ንዝተሓልፈ ምረትን ሰውራዊ ጉዕዞ ድልያ ናጽነት ብምስትንታን ትገልጽ።

ብሓፈሻ ኣብ'ዛ ደርፌ ዘሎ ትርጉም ትሕዝቶ ግጥሚ፡ ብዝኽሪ ንድሕሪት ክመልሰካ ከንብዕካ ይረኣ። ብልጫ ናይዛም ከምዚኦም ዝኣማሰሉ ግጥምታት እምበኣር፡ ጉጥሚ ናብ'ቲ እዋን ብስእሊ ኣእምሮ ስለዝመልሰካ ካብ ካልኦት ፍሉይነት ይህልዎም። ብፍላይ ኑቶም ኣብኡ ዝበሩ ሰባት ብቐጀላዊ ምስሊ ናብ'ቲ እዋን'ቲ እናመላለሰ፡ ኣብ ዝኽሪ ከጥሕሎም ግድነት ይኸውን። ብሓፈሻ፡ ኣብ ሽዊት ዕድመኻ ናጽነት ክትደሊ ንዝሕለፍካዮ ህይወት፡ ዝተቓለስካሉ፡ ዝዓበኻሉ፡ እትፈልጦን ዝፈልጠካን ሰፈር ጅግንነት ድሕሪ ነዊሕ እዋን፡ ብሓበን ክትዋገዶ ምስ ተጓዓዝካ ዝፈጥረልካ ዝኽርን ሓበንን እተዘንቱ ዕዮ እያ።

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

10ይ ክፋል
ሲራክ ክፍለ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍዚ ብዛዕባ ማሕበረኣዊ ማሕበራዊ ኣምራትን ኣቋውማ ሕብረተሰባትን ድኻም ኣፍሪቃውያን ጸሓፍቲን ምኽንያት ምዕራባዊ ሓሳባትን ካብ ማሕበራዊ ኣቋውማ ምዕራባዊ ሕብረተሰብ ተበጊሶም ትንታኔታት ካብ ዘቕረቡ ጸሓፍቲ እውን ንዮማክ ሆብስ ጆን ሎክን ኣቕሪብና ነይርና። ኣብ 9 ክፋል ድማ ነቲ ቀዳማይ ካልኣይ ሳልሳይ ዓለም ተባሂሉ ዝዘውተር ግጉይ ኣመዳድባ ሕብረተሰባት ርኢና። መቐጸልታኡ ይስዕብ-*

***

### ዓለምለኻዊ ደንቢ (World Order)

ንዓለምለኻዊ ደንቢ (ስርዓት) ኣመልኪቶም፡ መራሕቲን ናይ ፖለቲካ ፈላጣትን ብዙሕ ጽሒፎምን መዲሮምን እዮም። ዓለምለኻዊ ደንቢ ንምርግጋጽ ብዙበል'ውን ብዙሓት በይኑመንግስታዊን (intergovernmental)፡ ዘይመንግስታዊ ትካላትን (Non Governmental Organizations) ቀይመን እዮን። ስቲቨን ሰይድማን (Steven Seidman: Conteseted Knowledge Social Theory Today 2017 page 274) ከም ዝሕብሮ ኣብ 1909 ኣብ መላእ ዓለም 176 NGOs ዘይመንግስታዊ ትካላት ነይረን፤ ኣብ 1989 ኣስታት 5,000 በጺሐን። እዘን ዘይመንግስታዊ ትካላት ኩለን እኳ እንተዘይተባህለ መብዛሕትአን ብቐጥታ ወይ ብዘይቀጥታ ብናይ ምዕራብ ሃገራት ዝቖማ ወይ ዝምወላ ኮይነን፡ ብሓደ ወይ ብኻልእ መልክዕ ዓለምለኻዊ ደንቢ ንምርግጋጽ ዝሰርሓ እየን።

ዓለምለኻዊ ደንቢ ብኸመይ ይግለጽ ቅድሚ ምርኣይና፡ እቲ ፍሉጥ ኣመሪካዊ ፈላሳፋ ናዖም ቾምስኪ (Naom Chomsky) ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኔቶን ብ1999 ንሰርብያ ድሕሪ ምድብዳበን ካብ ዝጸሓፎ ክንጠቕስ።

ናይ እንግሊዝኛ ጽሑፉ ብሓጺሩ ክትርጎም ከሎ ከምዚ ዝብል እዩ። "ዕላማ ናይዚ መጥቃዕቲ (ኣብ ሰርብያ ዝተፈጸመ) ዓቢይቲ ሃጸያውያን ሃገራት፡ ኣብ ምፍታሕን ምፍራድን ዓለምለኻዊ ጉዳያት መወዳደርቲ ከምዘይብለን ንምርግጋጽ ዝሓለነ እዩ - ልዕሊ ኹሉ ከኣ ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ - 'ሓድሽ ዓለምለኻዊ ደንቢ' እተን ሓያላት ርእሶምኣውያን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ድኹማት ሃገራት ገደብ ዘይብሉ ጸቕጥን ምፍርራሕን ዝፍጽማሉ ኣህጉራዊ ስርዓት እዩ።"

ነቲ ድሕሪ ምፍራስ ሕብረት ሶቭየትን ድሕሪ ውግእ ዒራቕን ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጆርጅ ቡሽ ዝገለጾ "ሓድሽ ዓለምለኻዊ ደንቢ" ኣመልኪቱ እዩ ቾምስኪ። ዝ ጽሒፉ። ቾምስኪ ዝገለጾ ብቐንዱ ነቲ ወተሃደራዊ ምትእትታው ዝምልከት ኮይኑ፡ ዓለምለኻዊ ደንቢ ግን ብዝተፈላለየ መልክዓት ክግለጽ ዝኽእል እዩ። ሓጺር ኣብነታት ከቕርብ፦

### ዓለምለኻዊ ቁጠባ

ንዓለምለኻዊ ደንቢ ካብ ዝገልጹ ክፋላት እቲ ቀንዲ፡ ዓለምለኻዊ ቁጠባ እዩ። ዓለምለኻዊ ቁጠባ፤ ነቲ ቀደም ኣብ ትሕቲ ሃገራት ተሓጺሩ ዝነበረ ንግዲ፡ ወፍሪ፡ ኣገልግሎት፡ ሓይሊ ሰብ፡ ኣብ ዕዳጋ መላእ ዓለም ከም ዝዘርጋሕ ብምግባር፡ ሃገራት ኣብቲ ሃገራዊ ብልጫአን (Com-




petitive Adavantage) ከም ዝዘኩራ ብምግባር፡ ዓለማውን ሃገራውን ፍርያምነት ክብ ብምባል መትብብር ሰብ ዘመሓየሸ እዩ ኣብ ዝብል ፍልስፍና ዝምርኮስ እዩ። ካብዚ ፍልስፍናዚ ተበጊሱ ድማ ሃገራት ዘለወን ብልጫ ኣብ ግምት ብምእታው ናብ "ሰደድ ዘተኮረ" (Export Oriented)፡ ወይ "ምትካእ ኣታዊታት ዘተኮረ" (Import Substituion Orinted) ፖሊሲ ክኽተላ ይጽውዑ። ብዝዕባዚ ብኣህጉራዊ ባንክ፡ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ማዕከን (World Bank, IMF) ናይ ቁጠባ ክኢላታት ሃገራት ምዕራብ ብዙሕ ተጻሒፉ እዩ። ኣብቲ ባሕሎም እዞም ኣህጉራዊ ውድባትን ናይ ምዕራብ ክኢላታትን ዝጸሓፍዎ ተሞርኩሶም ኮይኑ ሃገራት ኣፍሪቃ እዚ ሓድሽ ዓለምለኻዊ ቁጠባ ዝፈጥሮ ዕድላት ንኽጥቀማ፡ "ቅርጻዊ ምምዕራይ" (Structural Adjustemnt) ክገብራ ኣለወን ኢሎም ጸዊዖም።

"ዓለምለኻዊ ቁጠባ" ኣብ ቁጠባዊ ፖሊሲ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘየቦ ሰለስተ መሰረታዊ ጉዳያት ምጥቃስ ይከኣል፦


1) ሃገራዊ ብልጫ
2) ኣብ ሰደድ ወይ ኣብ ምትካእ ኣታዊታት ምትኳር
3) ቅርጻዊ ምምዕራይ

እዚ ፖለሲታትዚ ዘየቦ ጸገማት ብዙሕ ኮይኑ፡ ኣብዚ ግን ኣብቲ ሓፈሻዊ መረዳእታ ጥራይ ክነተኩር ኢና። "ዓለምለኻዊ ቁጠባ"፡ ብሓፈሻኡ ቁጠባ ዓለም፡ ፍርያምነት ፍርያትን (goods) ኣገልግሎትን (services) ክብ ከምዝበሎ ዘካትዕ ኣይኮነን። እንተ ካብዚ ቁጠባዊ ዕብየት መንዩ ተጠቒሙ ዝብል ግን ንጹር እዩ። ሎሚ ልዕሊ 70% ዓለምለኻዊ ንግዲ ቡን፤ ሰዀም፡ ሽኮር፡ ኑዱዲን ካልእ ሃለኽቲ ካብ ሃገራትን ብኣዳበዕቲ ዝቖጻጸራ መብዛሕትአን ናይ ምዕራብ ትካላት እየን ዝቖጻጸራ። ልዕሊ 80% ወፍሪ ስግረ ባሕሪ ማለት ኣብ ሳልሳይ ሃገር ዝግበር ወፍሪ እውን ብየሰርተታት ዝቖጻጸራ መብዛሕትአን ናይ ምዕራብ ትካላት እየን ዘውፍራ። ዓለምለኻዊ ንግዲ ንሃገራትን ህዝበታትን ዘይትካኡ ብቐንዱ ንውሑዳት ሳዕለዋይ ቀጻሊ ሕብረተሰብ ሃገራት ምዕራብን ሃገራት እስያን እዩ ኣርቢሑ። ግዱ ሓቂ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦትን'ውን ሰደድን ክብ ከምዝበለ ኣየጠራጥርን። ይኹን'ምበር ኣብዘን ሃገራት'ውን ዝተጠቐመ ኣዝዩ ውሑድ ሳዕለዋይ ቀጻሊ ሕብረተሰብ እዩ።

ብሓጺሩ ዓለምለኻዊ ቁጠባ ከምቲ ዝተባህሎ መትብብር ብዙሓት ሰባት ዘይኮነ፡ ዘይምዕሩይ ፍልልይ ኣብ መንጎ ሃገራትን ኣብ ውሽጢ ሃገራትን እዩ ኣሰፊሑ። ብመሰረቱ ዓለምለኻዊ ቁጠባ ጌጋ እዩ ንምባል ግን ኣይኮነን። ብዘይ ጥርጥር ናይ ሃገራት እቶትን ዓለምለኻዊ ፍርያምነትን ኣረጋጊጹ እዩ። እቲ ጌጋ ብድሕሪኡ ዘሎ ፖለቲካዊ ምርጫን ፖሊሲን እዩ።

ዓለምለኻዊ ቁጠባ ዘየቦ ዘይምዕሩይን ዝተጋገየን ምምቕራሕ ኣታዊታትን ሃብትን፡ ሳዕቤኑ ኣብ ሃገራት ምዕራብን ኣፍሪቃን ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመት ብጉሉሕ ተራእዩ እዩ። ተቓውሞ ኣንጻር ዓለምለኻውነት ኣብ መላእ ናይ ምዕራብ ሃገራት ተራእዩ። ሕሉፋት የማናውያን'ውን ነቲ ዕድል ተጠቒሞም መንግስታዊ ስልጣን ክሕዙ ከምኡ'ውን ኣብ ወጽኣተኛታት ዘተኮረ ጽልእን ሕሉፍ ሃገራዊነትን ከምዝዕንብብ ገይሩ። ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ ኣብ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዝተራእየ ናዕበታት'ውን ብየበኡ ወጽኢት ዘይምዕሩይ ዝርጋሐ ሃብቲ እዩ ነይሩ።

ብድሕሪ ዓለምለኻዊ ቁጠባ ዘሎ ዝንበዕ ፖለቲካን ፖሊሲን፤ ረብሓ ውሑዳት ብምርግጋጽ ንብዙሓት ሃገራት ብፍላይ ድማ ንሃገራት ኣፍሪቃ ብዙሕ ማህሰይቲ ኣውሪዱለን እዩ። በዚ ኣልካ በቲ ግን፤ ዓለምለኻውነት ክተርፍ ኣይኮነን። ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ዓለምለኻዊ ቁጠባ ዘስዕቦ ኣሉታዊ ወጽኢት፡ ዓመት ኣተወ ዓመት ወጸ መመሊሰካ ካብ ምንቃፍ፡ ብሃገር፡ ብከደብ፡ ብዞባ፡ ብኣህጉር ደረጃ ሳዕቤኑ ኣብ ርትዒ ተሞርኩሰን ዘይስምዒታዊ ገምጋም ብምግባር፡ ብሃገር፡ ብከደብ፡ ብዞባ፡ ብኣህጉር ደረጃ ክግበር ዝኽእል ናይ ፖሊሲ ስውጠታትን ሓድሕዳዊ ቁጠባዊ ምትእስሳር ምድህሳስን ምትብባዕን ይምረጽ።




### ዓለምለኻዊ ፖለቲካ

ኣብ ላዕሊ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኔቶን ኣብ ሰርቢያ ዝፈጸምኦ መጥቃዕቲ ጠቒስና ነይርና። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ብሓባር ደዩ ብበጽሖ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ መዐቀኒኡ ንጹር ወይ ዕላማኡ ፍትሓዊ ዘይኮነ ቀጥታ'ውን ዘይቀጥታውን ፖለቲካዊ ስበምቲ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ቁጠባዊ እገዳ ብወለንታአን ይወስዳ እየን። ዝ ኣብ ምግባር፡ ኣቕዲመን ባይታ ዘጣጥሓ እተን ዘይመንግስታዊ ዝበላ ትካላትን ንዐአን ዝመርሑ ፖለቲካዊ ሸቃጦን እዮም። መብዛሕትአን ዘይመንግስታዊ ትካላት ብናይ ምዕራብ ሃገራት ዝምወላ ኮይነን ተልእኾአን ኣብ ኣፍሪቃ ዘተኮረ እዩ። ሃገራት ምዕራብ ይኹን ናይ ምዕራብ ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣብ ኣፍሪቃ ጸቡቕ ነገር ኣይገብራን ማለት ኣይኮነን። ተግባረን ግን ብዙሕ ግዜ ምስ ሃገራዊ ወይ ምዕራባዊ ረብሓ ዝተሓሓዘ ምዃኑ ክዘንጋዕ የብሉን።

ንዓለምለኻዊ ሰብኣዊ ረብሓ፤ ንኣብነት ንድሕነት ከባቢ፡ ኣንጻር ኒውክሌራዊ ምርባሕን ምጥቃምን፡ ኣንጻር ድኽነት፡ መሰል ደቀንስትዮ፡ ወዘተ. ዝቃለሱ ዓለምለኻዊ ምንቅስቓሳትን ውድባትን'ውን ኣለዉ። እዚኦምን ከምዚኦምን ዓይነት ውድባት፡ ወጽኢት ጻዕርታቶም ይብዛሕ ይውሓድ ክተባብዕን ክድገፉን ዘለዎ እዩ።

ብዛዕባ 'ሰብኣዊ መሰል' ዝሰርሓ ዓበይቲ ዓለምለኻዊ ትካላት ብዙሕ ክበሃል ይከኣል እዩ። ብሓፈሻ ግን መብዛሕትኡ ተግባራተን ብዛዕባ መሰል ሰብ ዘይኮነ ብፖለቲካዊ ምርጫአን ዝጸሎ እዩ። ብጉሉሕ ከም ዝርአ እዘን ዓለምለኻዊ ትካላት፡ ቀንዲ ኣተኩሮአን ኣብ ኣፍሪቃውያን እዩ። ከም ሓደ ኣብነት ኣህጉራዊ ቤትፍርዲ ገበን (ICC: International Criminal Court) ክንወስድ ንኽእል።

### ናይ ሮም ደንቢ - ቤትፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን

ብናይ ሮም ደንቢ ወይ ቤትፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ዝፍለጥ ውዕል ብ 17/7-1998 ኣብ ሮም ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ብደገፍ 120 ሃገራት፡ 21 ድምጺ ዘይሃባ፡ 7 ዝተቓወማ (ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ቻይና፡ እስራኤል ዝርከበአን) ዝሓለፈ ውዕል እዩ። ንኽጸድቕ ብውሑዱ ናይ 60 ሃገራት ባይቶታት ክጸድቓ ነይሩዎ፡ ኣብ 11/4- 2002 ተወሰኽቲ 10 ሃገራት ስለ ዘጽደቓአ ከኣ ወግዓዊ ኮይኑ። ኣብ መወዳእታ 2019 ብጠቕላላ ብባይቶ ዘጽደቓአ ሃገራት 123 ክኾና እንከለዋ ካብዘአን 33 ሃገራት ኣፍሪቃ እየን።

ናይ ሮም ደንቢ ሰብኣዊ ህልቂት (genocide)፡ ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት (crimes against humanity)፡ ገበን ውግእ (war crimes)፡ ገበን መጥቃዕቲ (crime of aggression) ዝበሉ ኣርባዕተ ኣህጉራዊ ገበናት ኣጽዲቑ። ብመሰረት ናይ ሮም ደንቢ ኣህጉራዊ ቤትፍርዲ ገበን፡ ኣርባዕተ ዓይነት ገበናት ጥራይ ክምርምርን ክፈርድን፡ ንሱ ከኣ ሃገራት ባዕለን ክፍጽምኦ "ድሌዋት" ወይ "ዘይደልያ" ጥራይ ምስዝኾና እዩ። ናይ'ቲ ቤትፍርዲ ሕጋውነት (jurisdication) ከም ተሓባባሪ/መወሰኽታ (complementary) ንጉዳይ ዝምልከተን ሃገራት እዩ።

### ኣተኩሮ ቤትፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ኣብ ኣፍሪቃ

ቤትፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ኣብዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ብብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ተቓውሞ ክጥጥሞ ጸኒሑ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ እቲ ቤትፍርዲ ኣተኩሮኡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ጥራይ ብምግባሩ እዩ። ንኣብነት ቤትፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ኣብ 2002 ካብ ዝምስረት ክሳብ 2018 ብድምር ኣብ 12 ኩነታት (ሃገራት) መርመራ ከፊቱ፤ ካብዚ ከኣ 10 ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ እዩ - ብሩንዲ (ጉዳይ ክሲ ኣይተማስረተን)፡ ማእከላይ ኣፍሪቃ ሪፓብሊክ (ኣብ 2013 5 ሰባት፡ ኣብ 2018 2 ሰባት)፡ ኣይቮሪኮስት (3 ሰባት)፡ ዳርፉር ሱዳን (7 ሰባት)፡ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ (6 ሰባት)፡ ጆርጅያ (ጉዳይ ክሲ ኣይተማስረተን)፡ ኬንያ (9 ሰባት)፡ ሊብያ (5 ሰባት)፡ ማሊ (2 ሰባት)፡ ኡጋንዳ (5 ሰባት)፡ ባንግላደሽ/ሚያንማር (ጉዳይ ክሲ ኣይተማስረተን)።

ካብዞም ክሱሳት ዑመር ኣልበሽር ፕረዚደንት ሱዳን፤ መዓመር ጋዳፊ ፕረዚደንት ሊብያ ምስ ወዱ፤ ላረንት ግባግቦ ፕረዚደንት ኣይቮሪኮስት ምስ በዓልቲ ቤቱ፤ ኡሁሩ ኬንያታ ቅድሚ ፕረዚደንት ምዃኑ፡ ይርከብዎም። ኣንጻር ኬንያታ ዝተላዕለ ክሲ ብወግዒ ተሳሒቡ፤ ኣንጻር ላረንት ዝተላዕለ ክሲ ምስ ተጸንዐ ናጻ ተባሂሉ፡ በዓልቲ ቤቱ ዕጮ ኢላ ቤትፍርዲ ብዘይ ምቕራብ ከም ሕቡእቲ ትቕጸር፤ ጋዳፊ ሞይቱ፡ ወዱ ብተቓወምቲ ሓይልታት ሊብያ ተኣሲሩ ጸኒሑ ከኣ ኣብ 2017 ተለቒቑ ኩብቕዕ ጉዳይ ከም ሕቡእ ይቕጸር፤ በሽር ኣብ ሱዳን ተኣሲሩ ነይሩ፡ ንቕጽሊ መንግስቲ ሱዳን ከረክቦ ደዩ ኣየረክቦን ዝፍለጥ ነገር የለን።

ከም ዝፍለጥ ቤትፍርዲ ኣህጉራዊ ገበን ክርእዮም ዝግበኦም ገበናት ኣብ ኣፍሪቃ ጥራይ ኣይተሰርሑን ዝፍጸሙ፡ ብዘውሓደ ገበን ውግእን ገበን መጥቃዕትን ብዙሕ ግዜ ብዝተፈላለያ ሃገራት እንተላይ ናይ ምዕራብን ምብራቕን ሃገራት ኣብ ኣፍጋኒስታን፡ ሊብያ፡ ዒራቕ፡ ሶማልያ፡ የመን፡ ኢራን፡ ሶርያ ተፈጺሞም እዮም። ይኹን'ምበር ኣህጉራዊ ቤትፍርዲ ገበን፡ ዝተፈጸሙ ገበናት ብዝምልከት ሓሓሊፉ መግለጺታት ካብ ምሃብ እንተዘይኮይኑ ኣንጻር ናይ ምዕራብ ዜጋታት ዝኸፈቶ ክሲ ጨሪሹ የለን። ስለምንታይ ዝብል ሕቶ፡ ብዙሕ መልሲ ክወሃቦ ይከኣል እዩ። ሓደ ካብቲ ምኽንያት ኣብ መቖሚ ሕጊ እቲ ቤትፍርዲ ከም ዝተገልጸ "ሃገራት ባዕለን ክፍጽምኦ ድሌዋት ወይ ዘይደልያ" ዝብል ኣምር ብምህላው ክኸውን ይኽእል። እዚ "መሰል" እዚ ኩለን ሃገራት ብዘይኣፈላላይ ክጥቀማሉ ዝኽእላ መሰል ደዩ ዝብል ሕቶ? መልሱ፡ ብሓጺሩ ዘለወን ኣይመስለን እዩ። ንኣብነት ፕረዚደንት በሽር ኣብ ስልጣን እንከሎ፡ ጉዳዩ ብሃገራዊ ቤትፍርዲ ክርአ መንግስቲ ሱዳን ሓቲታ ሰሚዒ ኣይረኸበትን፤ ኣንጻሩ ከኣ ክሲ ተመስሪቱ። በዚን ከምዚን ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ እቲ ቤትፍርዲ ፍትሓዊ እንተዘይኮይኑ ካብ ውዕል ሮም ክንስሕብ ኢና ብምባል የፈራርሓ እየን። ከምዝፍለጥ ግን ሃገራት ኣፍሪቃ ብወለንታ ይፈርማ ኣይፈርማ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ክኸስስ እንተደልዩ ዓጋቲ ከም ዘይብሉ ብጉሉሕ ተራእዩ እዩ። ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ከም ኣብነት ናይ ሱዳን ጉዳይ ብዝርዝር ክንርኢ ኢና።

**ይቕጽል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣኽበረት ተወልደ ጉብረማርያም፡ ኣቦይ ተወልደ ጉብረማርያምን ኣደይ ምሳሹ ጉብረሚካኤል ማዘንግዐን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቐረብ።

ይሕደጋ ኣማኑኤል ፍስሃጽዮን፡ ኣደይ ትዐበ በርሀ እልፋ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቐረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሰለሙን ተኽለ ተስፋይ፡ ተኸሳሲት ቅሳነት ተኽለ ተስፋይ፡ ናይ ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ቀሺ ኩሓሰ ኣብርሃ ገብረጻድቕ፡ በዓልቲ ቤተይ ኣለም ብርሃ ኣብረሃ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ከሳሲ ሙሉጌታ ኣብርሃም ኪዳኑ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ ተኽለ ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ሰላም ሓደሽ ተኽለ፡ በዓል ቤተይ ኢ.ንጂ ተማሰገን ነጋሽ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ወ/ሮ ኢንትሳር ዓብደላ ዑመር፡ ተጸዋዒ ኣቶ ያፊት መኻን ገ/መድህን፡ ናይ ምምዝጋብ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ሰመረ ሃይለስላሴ ዘርኣጽዮን፡ ወለድና ሃይለስላሴ ዘርኣጽዮን ንገሰን ኣዜብ ኣፈወርቂ ተስፋይን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ኑቦያት ኪዳን ኣፍለይ፡ ካብ ኣሞይ ነፍ/ሄር ንግስቲኣዜብ ኣፍለይ ክንፈ ዝተዋህበኒ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ኣብርሃም መላኽ ሃብቱ፡ ኣቦና መላኽ ሃብቱ ስለዓረፈ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ዚያቦን ሚሪያን ሚሪያን፡ ኣደይ ሃና ገብረሚካኤል ተኸስተነበት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ኣቶ ገብረመስቀል ሚካኤል ገብረስላሴ፡ ወላዲና ሚካኤል ገብረስላሴ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ተስፋ የማን ሃብተሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ የማኑ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሚካኤል ጎይትኦም፡ ኣቦይ ጎይትኦም ኣኪላስ በየን ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ኣሰራት ገ/ኣምላኽ፡ ወለድና ገብረክርስቶስ ገ/ሄርን ምልእተ ተስፋምን ስለ ዝዋረፉ፡ ንሕና ተተካእቲ ደቆም 1.1ሳምሶም ገብረኣምላኽ ገ/ክርስቶስ 1.2 ኤፍረም ገብረኣምላኽ ገ/ክርስቶስ 1.3 ኣሰራት ገብረኣምላኽ ገ/ክርስቶስ 2. ሰወእ ገብረሃዋርያት ገብረክርስቶስ 3. ኣቶ ዓንደ ገብረክርስቶስ 4. ወ/ሮ ኣስካሉ ገብረክርስቶስ 5. ወ/ሮ ሰናይት ገብርክርስቶስ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ለተብርሃን ዘርኣይ ተወልደብርሃን ምባል ተሪፉ፡ ብርሃን ዘርኣይ ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ጸጋይ ኣለም፡ ወለድና ኣለም ቴድሮስ ሰረቀ ስለዝዋረፈ ኣነ ምስ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ብመንገዲ ወኪሉ ኣበሉ ዘርእማርያም ደስታ ኣሰፋ ምባልተሪፉ፡ ሓደሽ ደስታ ኣሰፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣዝመራ ግርማይ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለ ክብሮም ተስፋሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ኣቶ ሙሉጌታ ምሳዮና ሃብተስላሴ፡ ወላዲየይ ምሳዮና ሃብተስላሴ መሓሪ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ማመት ወልደገርግሽ፡ በዓል ቤተይ ቀሺ ዓንደም ምሳዮና ኢማም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ኣበባ ተስፋልደት ኣርኣያ፡ በዓል ቤተይ ብጻዓይ ዑቕባሚካኤል ወልደኣብ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣብ መንነ ከሰስቲ ወ/ሮ/ፍ/ሄር ሰለሙን ሃይለሚካኤል ወ/ሮ ብስራት ሰለሙን +1 ወ/ፍ/ሄር ሰለሙን ሃይለሚካኤል ኣቶ ሓደሽ ሰለሙን +3 ብዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክርክር፡ ተኸሳሲ ቁ.4 ኣቶ ግርማይ ሰለሙን ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣብ መንነ ከሰስቲ 1.ወ/ሮ ንግስቲ ዑቕባማርያም +3 ምስ ተኸሰስቲ ወረስቲ ሰወእ ወልዱ ዑቕባማርያም ዝኾኑ 1.ሃብትኣብ ወልዱ 2.ሱራፍኤል ወልዱ 3.ተስፉ ወልዱ 4.ሳምራዊት ወልዱ ሰቪላዊ መዝገብ ተኸፊቱልክን ኣድራሻኽን ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኮኾብ የሴፍ ተወልደ፡ ብወኪላ ኣቶ የሴፍ ወልዱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዘወልዲ ተኽልኣብ ተስፋዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ጠዓመት ጋፍረ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን ክፍለ ገብረስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምሉእ ኣስፋሃ ረዘ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣበራ ፍስሃየ መሓሪ፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምልእተ እሙን ጋይም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋሃንስ ፍስሃየ ተወልደ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ከሳሲ ኣቶ ዓንደማርያም መብራህቱ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ለተብርሃን ፍስሃየ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሮማን ዑቕበት ስኣሉ ምባል ተሪፉ፡ ልዋም ዑቕበት ስኣለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ሓረጉ ኣረፋይኔ፡ ተኸሳሲ ምሕረትኣብ ብርሃኔ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቅረብ።

ፍዮሪ ተስፋይ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ልዋም ተስፋይ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ዓንደብርሃን መሓሪ መርሃዩ ምባል ተሪፉ፡ ዓንደም መሓሪ መርሃዩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሀይወት ኣርኣያ በላይ ምባል ተሪፉ፡ ዋሓዚት ኣርኣያ በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሚክኤል ሓለፎም ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ሳሚኤል ሓለፎም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ጽርሃ ሃብተማርያም ገብረማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተወልደ ፍቓዱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሓዳስ ኣብርሃም ኪዳን ምባል ተሪፉ፡ ቅሳነት ኣብርሃም ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ትርሓስ ካሕሳይ ኣርኣያ፡ በዓል ቤተይ ክፍለየ ተስፋሚካኤል ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 12 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ለተኣብ ገብረመስቀል ወልዳይ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ተስፋማርያም ማንሾ ተስፋጽዮን ስለዝተሰውአ፡ ንወላዲቱ ወ/ሮ ማሓሪት ተወልደ ማንሾ ናይ ሰወእ ወዳ ወራሲት ምዃና፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ታሕጓስ ጎይትኦም ገብረመስቀል፡ ወደይ ዑቕባት ተኽለት ኣፈወርቂ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ወላዲቱ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ቅሳነት ተኽለ ነጋሽ፡ ብርሃ ግደ ሃብተሚካኤል ብዓልቲ ቤትካ ናይ ጥፋእ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ርሻን ገብረኣለም ምባል ተሪፉ፡ ሉልያ ገብረኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ሰለሙን ሓየለን ለተኺዳን በራኺን ወደና ዑቕባይ ሰለሙን ሓየለ ስለዝዋረፈ፡ ንሕና ወለዱ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓር ሓጂ ኣደም ምባል ተሪፉ፡ መሓር ሓሰን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

---

ወ/ሮ ምጽላል ተኽሉም ገብረማርያም፡ ዝተፈቐደለን ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካለን "ክብረት ምጽራይን ምስላጥን" (kIBRET CLEARING& FORWARDING) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይማጸለ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፤00 – 12፤00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፤00 – 6፤00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፤ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Maintenance Parts Expeditor/Planner** |
| **Number required** | 01 |
| **Location:** | Koka Gold Mine (Asmara Office) |
| **Reporting to:** | Mobile Maintenance Superintendent |
| **PRIMARY PURPOSE** | Maintains Workshop warehouse inventory, orders and distributes parts for all Equipment, Services, and personnel at various locations within the Maintenance Department. |

**<u>Responsibilities and Duties</u>**

- Maintain housekeeping of parts and store areas.
- Collect parts and return to stock unused parts for the mobile equipment onsite.
- Assist planners on maintenance activities, following manufacturer recommendations and plant history.
- Detail parts requirements for maintenance tasks from completed PM services and breakdowns.
- Coordinate the collection of hard-to-obtain parts or critical parts.
- Manage the allocation of parts for work orders.
- Write reports detailing the efficiency of the parts process flow of the Maintenance department.
- Ensure preparation of maintenance work and the required PPE and safety procedures.
- Perform other duties as required and requested by the Supervisor/Superintendent.
- Order and distribute parts on time.
- Skill in organization, communication (written and verbal), and PC systems and applications.
- Keep stock levels to a satisfactory level.
- Direct warehouse staff to expedite the transfer of materials from the stock area to the Workshop area.

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certification, or Equivalent** | Diploma/Degree in Mechanical Engineering or Certificate in a Trade |
| **Working experience-Nature & Length** | At least one year of work experience as a Maintenance Planner /Store man/ |
| **Leadership Experience** | Must be self-driven, able to work unsupervised, and make decisions when needed. |
| **Other skills and requirements** | Skills in Mechanics, preferably in Mobile or processing operations<br>Computer literacy- Word processing, spreadsheets, stores, and maintenance planning software.<br>English literacy to a conversational level.<br>Excellent interdepartmental communication skills.<br>Excellent working knowledge of all aspects of mining operational theory, including open pit operation.<br>Excellent knowledge of consumable products used in the mining industry, including their safe use and applications.<br>Ability to effectively plan daily, weekly, and monthly work activities.<br>Physically fit as there is much lifting of heavy items.<br>Valid vehicle driver's license with the ability to be trained and certified on forklifts/pallet jacks.<br>A "can do" attitude.<br>Ability to work unsupervised and make decisions when required. |
| **Salary** | Company scale |
| **Other's requirement** | Additional Requirement for nationals: - Having fulfilled their National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defence—Present clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender. |

Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea**

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea, and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: 7 days from the day of announcement.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስግኣት ዘይሰዓሮ - ስምዒት ስፖርት

ንኤርትራዊ መንእሰይ ብፍሉይ ሃገሩ ንምንጻል ብዙሕ ሽርሒታት ይኣልድ ነይሩ'ዩ፡፡ ኑቲ ኩሉ ክፍኣት ዝውድብን ዘሳስን ዝነበረ ኸኣ ኢ.ኢ.ወ.ማ ዝበሃል ዝነበረ ማሕበር'ዩ፡፡ ባህላውን ስፖርታውን ምኽንያታት እናወደቦ ዝተፈላለዩ ሽርሒታት ይኣልዱ ከም ዝነበሩ ድማ ይፍለጥ፡፡ እዚ ፈላላይ ኣካይዳ ብፍላይ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ሓራ ምስ ወጸኣት ብጋህዲ ብኢሱ ነይሩ'ዩ፡፡

ግዜ ክራማት ተማሃሮ መንእሰያት ካብ ትምህርቲ ዝዕረፉሉ ግዜ እዩ፡፡ ደርጋውያን ግን ተማሃሮ ንሜዳ ናይ ምፍዳን ካልእ ሃገራዊ ስምዒታትን ንኸይሪኣስቡ ዝተፈላለዩ ውድድራት እዮም ዝኣልሙ ዝነበሩ፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ፡ ዋጋ ሲነማ ብፍላይ ከኣ ናይ ሲነማ ሮማ ካብቲ ንቡር ዋጋ ብልዕሊ ፍርቂ ብምጉዳል ማለት ሓምሳ ሳንቲም ከም ዝኸውን ይገብር ነይሩ፡፡

ኣብ መንጎ 107 ቀበሌታት እውን ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ይውድብ ነይሩ'ዩ፡፡ እቲ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ግን ካብ ስፖርታዊ መንፈስ ዝረሓቐ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ'ቲ መጻወቲ ሜዳታት ህውከት ይለዓል፡፡ ኑቲ ህውከት ዘዘሕል ወይ ዘህድእ ሓለዋ ግን ኣይነብረን፡፡ በዚ ድማ ትርጉም ስፖርት ማለት፡ "ሓድነት፡ ፍቕሪ፡ ዓወት፡ ጥዕና፡ ሰላም" ካብ ዝብሉ መትከላዊ ትርጉሙ ወጺኢ'ዩ ዝትግበር ነይሩ፡፡

ብዙሓት መንእሰያት ብፍላይ ከኣ ኣፍቀርቲ ስፖርት ዝዘከርዋ ኣብነት ኣላ፡ ኣብ መንጎ ጋንታታት ፖሊስን ናይ ጦር ሰራዊት ጋንታ ዋልያን ዋንጫ መን ወሰደ ጸወታ ነይሩ፡፡ ኣብ'ዚ ግጥም፡ ጋንታ ፖሊስ ክልተ ዕድል ሒዛ ኣትያ፡፡ ማዕረ ወይ ክትስዕር፡ ተጻወትቲ ፖሊስ መንእሰያት ኤርትራውያን እዮም ነይሮም፡፡ ናይ ጋንታ ዋልያ ግን ዳርጋ ኩሎም ጦር ሰራዊት ኢትዮጵያውያን እዮም ነይሮም፡፡ ጸወታ ክጅመር ናብ ሜዳ ምስ ኣተው፡ ሓንቲ ኻፍስ ጸር መንእሰይ፡ ዕምባብ ንጋንታ ፖሊስ ኣብ ተቐበልሉ ዝነበረት እዋን፡ ተጻዋታይ ጋንታ ዋልያ ብኩዕሶ ገይሩ ከበዳ ይሃርሞ፡፡ እዛ ኻፍሱ ጸር ብኸቢድ ስለ ዝተዛለየት ብቕጽበት ናብ ሆስፒታል ተላኢኻ፡፡

እቲ ኑቲ ግፍዒ ዝፈጸመ ተጻዋታይ ብቐይሕ ካርድ ካብ ሜዳ ተባሪሩ ጉዳዩ ብኸቢድ ክርአ ይግባእ'ኳ እንተነበረ፡ ብዓል ግዜ ስለ ዝነበረ ግን ስጉምቲ ዝወሰድ ኣካል ኣይተረኽበን፡፡ ጸወታ ብማዕረ ተዛዚሙ፡፡ በዚ ኸኣ ተጻወትቲ ፖሊስ ኑታ ዋንጫ ወሲዶሞ፡፡ በዚ ውጽኢት ዘይዓገቡ ተጻወትቲ ዋልያን ደገፍቶምን ኣብ ማእከል ሜዳ እምብጋር ፈጠሩ፡፡ ሽዑ ብዙሓት መንእሰያት ብጦር ሰራዊት ተሃሪሞም እዮም፡፡ እቶም ንሓለዋ ዝወጽኡ ወተሃደራት'ውን በቲ ውጽኢት ስለዘይዓገቡ ንቑልዑን መንእሰያትን በቲ ላዕሊ ትረብን ስታድዮም ኣስመራ ኣጽዳፎሞ፡፡ ብድሕሪዚ ጋንታታት ቺምፒኒን ኤልፓን (ሓደሊ ኤሌትሪክን) ክጻወታ ተዳልየን እኳ እንተነበራ ጸወታ ግን ብሰንኪ ዕግርግር ተቛሪጹ፡፡

ኣብ መንጎ ጋንታታት ኤልፓን ቺምፒኒንን ዝነበረ ናይ ደገፍቲ ምትህልላኽ ፖለቲካዊ መልክዕ'ዩ ዝሕዝ ነይሩ፡፡ ኣብ ከባቢ መዳኸር ደንደን ወይ 'ብ'ቃንየው' ዝፍለጥ ዝነበረ ቦታ፡ ሰንበት ድሕሪ ምዝዛም ጸወታ እዘን ክልተ ጋንታታት ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ልኡል በርህ እናሓለፈ ኩሎ ሓደ ወተሃደር ደርግ መን ከም ዝዕወረት ተወኪሱ፡፡ ልኡል ብወገኑ "ኤልፓ" በሎ፡፡ ወዮ ወተሃደር "ኑታ ሹቶ መን የእትዮዋ?" ክብል ብሕርቃን ተወኪሱ፡፡ "ኢሳይያስ" ድማ በለ ልኡል፡፡ እቲ ወተሃደር ብሕርቃን "እንዴት. . . በርሃ ኢሳይያስ ብከተማ ኢሳይያስ (ብበርኻ ኢሳይያስ ብኸተማ ኢሳይያስ)" ክብል ኣምሪሩ ተዛሪቡ፡፡

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግጥም ዋንጫ ዓለም ዝተፈላለዩ ተዘክሮታት ኣለው፡፡ ልዕሊ መንእሰያት ኤርትራ ወይ ከኣ መንእሰያት ኣስመራ ግን ንግጥም ዋንጫ ዓለም 1990 ብፍሉይ ዝዝክሩ የለን፡፡ ተዘክሮ ጸዋእ መን ዓተረት ኣይኮነን፡፡ ተዘክሮ ፍሉይ ክእለት ተጻወትቲ ወይ ምእንጋድ ናይ'ቲ ጸወታ'ውን ኣይነበረን፡፡ እንታይ ደኣ ተዘክሮ ህልቂት መንእሰያት'ዩ፡፡ ኣብ ሓያል ስድራቤታት ድማ ሰንበሪት ስለ ዝገደፈት ወትሩ እትዝከር ፍጻመ እያ፡፡

ኣብ 1990 እተን ኣብ ትሕቲ ጾላኢ ዝነበራ ሒደት ከተማታት ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ከተማ ኣስመራ ናብ ግብ ዝበለ ገዛም እያ ተቐይራ ነይራ፡፡ መብራህቲ ተሓሪምዋ፡ ማይ ጋዶ ኮይኑልዕሊ ኸሉ ድማ ህዝቢ ሰብሚ ክስገም ከሎ ብዓይኒ ስግኣት ተራእዩ ኣደዳ መቕተልትን ማእሰርትን ዝኾነት ከተማ'ያ ዝነበረት፡፡

ኣብ'ቲ እዋን መንእሰያት ኣስመራ ብፍቕሪ ኩዕሶ እግሪ ይስለቡ ነይሮም'ዮም፡፡ ኑቲ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝተዳለወ ዝነበረ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ከኣ ብሃንቀውታ ንኽከታተልዎ ተጸበዮም፡፡ መብዝሕትኡ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ብፍላይ ከኣ ድሕሪ ሰዓት ሽውዓተ'ዩ ዝካየድ ነይሩ፡፡ ኤርትራውያን ማዕረ ክንደይ ፍቕሪ ስፖርት ከም ዘለና ግጥማት ጸዋእ ዓለም 1990 ህያው ምስክር እዩ፡፡ መንእሰያት ኩዕሶ እግሪ ንኽዕዘቡ ስግኣታቶም ድሕሪ ስፖርታዊ ስምዒታቶም ሰሪዮምዮም ክርእዩ ዘምስዩ ዝነበሩ፡፡

ናይ 1990 ፍጻመ እቲ ኣብ ሰበዓታት ከተማ ኣስመራ ብህዝባዊ ግንባር ተኸቢባ ከላ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዒ'ዩ ተደጊሙ፡፡ ኣብ ሰበዓታት ተሰፋ ዝቖረጸ ጸላኢ፡ ኣብ ፈቐድኡ ንመንእሰያት ብስልኪ እናሓነቐ ይቐትል ከም ዝነበረ ዝርሳዕ ኣይኮነን፡፡ ኣብ'ዛ ዝሓንተወላ ዘለና ዓመት ከኣ፡ ተስፋኡ ዘጸንቀቐት ምሕራር ከተማ ምጽዋዕ ተበሲሩ፡፡ ብደብብ'ውን ህዝባዊ ግንባር እናደፍአ ኣብ ዝመጽኣሉ ዝነበረ'ዩ እቲ ንፍጻመ ሰበዓታት ዝመሳሰል ኣኻሒካሒ ፍጻመ ኣብ መንእሰያት ኣስመራ ዝተደግመ፡፡

ኑቲ ፍጻመ ዝምልከት ብ20 ሰነ 1990 ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ብሰፊሑ ገሊጸቶ ነይራ፡፡ እቲ ካብ ክፍሊ ምርምርን ሰነዳን ህ.ግ.ደ.ፍ ዝተረኽበ ሓበሬታ ከም ዘለዎ እንሆ፡ "ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ፡ ኣብ ኣስመራ ኮፍ ኢሉ ብዝፈጸሞ ገበን 30 መንእሰያት ቀቲሉ፡፡ ካልኦት 15 ኸኣ ብኸቢድ ኣቑሲሉ፡፡ እዚ ኣረሜናዊ ገበን'ዚ፡ ኣብ ከባቢ ኪዳን ምሕረት፡ ሓድሽ ዓዲን ሹቕን ካብ ቃንየው ብዝተላእኩ ፍሉያት ወተሃደራት'ዩ ተፈጺሙ፡፡

መብዛሕትኦም ካብ'ቶም ግዳያት ከኣ፡ ዋንጫ ዓለም መን ጨቢጡ ንዝቐደድ ዝነበረ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ብቴለቪዥን ክከታተሉ ዘምሰዩ መንእሰያት እዮም ነይሮም፡፡ ጸላኢ፡ ነዚ ገበናዊ ፍጻመ 'ሰዓታት እቶ - እቶ ኣሕሊፎም ስለ ዝተረኽቡ እዮም' እናበለ ክሽፋፍኖ ፈቲኑ፡፡ ይኹን እምበር፡ ወተሃደራዊ ኩነታቱ ካብ ዝፈጠረሉ ዓቕሊ ጸበት ዝተላዕለ ነዞም ፖስተራት ዝጥቅዕ፡ ፈንጅታት ዘጻውዱን ወረ ዘዘርጉን ከጥፍኦም ኢና!' ብዝብል ምስምስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣስመራ ከጕባዕበዕ ጀሚሩ፡፡ እቲ ሓቀኛ ምኽንያት ግን ድሕሪ ኣሰራዊት ደርጊ ራሕሪሑ ናብ ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝኣተወ ወተሃደር'ዩ ተሰሚዑ፡፡ ተጋደልቲ ናብ ኣስመራ እንተቐሪቦም፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣስመራ ናይ ቅትለት ገበን ክፍጽሙ ብኣዘዞቶም ከም ዝተሓበሮም ከኣ ገሊጹ ነይሩ፡፡"

ህዝቢ ኣስመራ ብጕዳያት ደቁ መሪር ሓዘን እኳ እንተተሰምዖ፡ ኣብ ኣፈፌት ናጽነት ስለ ዝበጽሐ ግን ውሽጣዊ ሓበን እናተሰምዖ'ዩ ሬሳታት ደቁ ከሊሊ ናብ ሆስፒታል ዝምረሐ፡፡ ሓንቲ ካብ'ቶም ሬሳታት ፈቲኻም ሬሳ ሊየሊይ መንእሰይ ሓዋ ኣማንኤል ጉብረመድህን ዝረኸበት ዝፋን ጉብረመድህን እያ፡፡ ዕለተ ፍጻመ ዘይሕከኽ በሰላ ጉዲፋትላ'ያ፡፡ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ከዘንቱ ከላ ቅድሚ ልሳና ኣዒንታ'የን ዝቐድማኣ፡፡ ንበዓልቲ ሓፍሰሳ ዓሚቑ ድሕሪ ምስትንፋሳ ከኣ ዛንታኣ እናኾላለፈት ኣዘንትያትልና፡፡

ተኸሲ ምስ ጀመረ ዝኾነ ኣብ ምንቅስቓስ ዝነበረ ሰብ ተኸፊቱ ኣብ ዝጸነሖ ገዛ እዩ ዝሓደር፡፡ ህዝቢ፡ ዝወረዶ ሽግር ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥ- ኑቲ፡ "ኣሕድሩኒ፡" ዝበለ/ት "እንቋዕ ግዳይ ዓረር ኣይኮንኩ" ብምባል'ዩ ሓንገፋይ ኣሉ እኽሉ ማዩን መዳቐሶኡን ዘሰናድኣሉ፡፡ ገዛ እንዳባይ ጉብረመድህን ድማ ንወዶም ኣማንኤል ክጸንዑ ተራሒቑ ስለ ዝነበረ፡ ሓደ መንእሰይ ዕቑባ ሓቲቶም፡፡ ስድራ ቤት እንዳባይ ጉብረመድህን ብምቕሉል ኣቀባቢላ ኑቲ መንእሰይ ተቐቢሎም ኣሕደርዎ፡፡ ወደም ኣማንኤል ግን ኣይመጽኣን፡፡ ንሻቕሎቶም ዝድኅብስ ሓሳቡ፡ "ኩዕሶ ክርኢ እንዳ ዓርኩ ሓዲሩ ኣሎ" ዝብል ነበረ፡፡ ደሃይ ኣማንኤል ኪኸዶ ምሕዳር ንጽባሒቱ ረፋድ እውን ኣይተረኽበን፡፡ ስድራ ቤት ከጣይቑ ኣብ ዝተበጸሑሉ፡ "ኣማንኤል ኩዕሶ ርእዩ ንገዝኡ እናመጽአ ተቐቲሉ፡" ዝብል ሓበሬታ ረኸቡ፡፡ እቲ ቁማት ብጽሬት ክዓውንቱ ዝልለ ዝነበረ ኣማንኤል፡ ብደም ተቐማጢዑ ንኽተለሉዩ ኣብ ዘሸግር ኩነታት ኮይኑ'ዩ ኣብ ሆስፒታል ረኸብዎ፡፡

ደብኣሎ ጸሃዩ፡ ኩዕሶ ዋንጫ ዓለም ክዕዘቡ ካብ ዘምሰዩ መንእሰያት'ዩ፡፡ ገዛውቱ ከባቢ ዕዳጋ ዓርቢ (ዓደኒ ሓከም) እዩ፡፡ ቀዳመይቲ ግጥም ምስ ረኣየ መሬት ደሓን ዘሎ ስለ ዝመሰሎ፡ ንገዝኡ ተበጊሱ፡፡ እንተኾነ ግን፡ እታ ወትሩ ዝመላለሳ ዝነበረ መንገዲ ገዝኡ ጠሊማቶ፡ "ቁም... በል!!" ዝብል ብርቱዕ ድምጺን ተኸቲሉን ብሓደ ተሰሚዑ፡፡ ጥይት ንኸብዲ በሲዓ ወጺኣ፡፡ እቶም ክቕትልዎ ዝሓሰቡ ድማ "ሞይቱ!" ኢሎም ገዲፎሞ ከይዶም፡፡ ደብኣሎ ግን መውጋእቱ ዕድል ዝሁብ ብምንባሩ፡ ደሙ እናዛረየ ከሎ እናንፋሓኸ ገዝኡ በጺሑ፡፡ ኣዲኡ ምስ ረኣየኦ ዋላ'ኳ ብርቱዕ ሰንባደ እንተነበረን ከይተደሃላ ኑቲ ዝተበስዐ ኣካላት ወደን ብጨርቂ ጀሪሀን ደሙ ዓጊተንኦ ሓዲረን፡፡ እታ ለይቲ፡ ወደን ብብርቱዕ ቃንዛ ክሰሓግን ክግዕርን ሓዲሩ፡፡ ንሰን ከኣ ናብ ኣብ መንደቕ ገዝኤን ተንጠልጢሎም ዝነበሩ ምስሊ መላእኽቲ እናጠመታ ክጽልያ ሓዲረን፡፡ ንጽባሒቱ ወጋሕታ ጐረቤቲ ጸዊዐን ንወደን ናብ ሕክምና ወሲደንኦ፡፡ ብዝተጐበረሉ ህጹጽ ረዲኤት ከኣ ካብ ሞት ንእሽቶ ድሒኑ፡፡ ካብ'ቲ ሞት ዝወጽአ ደብኣሎ፡ ናጽነት ክርኢ በቒዑ፡፡ ኣብ ወራራት ወያነ ግቡኡ ድሕሪ ምፍጻም ከኣ ብሕማም ከም ዝተሰውአ መተዓብይቱ የዘንትዉ፡፡

"ሓወይ ደንጕዩ ኣለ ተሻቒለ ኣምስዩ፡፡ እቲ ተኸሲ ከኣ መመሊሱ ንሻቕሎተይ ኣዛይድዎ፡፡ ብዘኾ፡ ተኽለማርያም ከይመጽአ ሓዲሩ፡፡ ወጋሕታ ትንሰእ ምስ በልና፡ ደቂ ገዛውትና (ከባቢ ኪዳነ ምሕረት) ተኽለማርያም ሓውኺ ትማሊ ምሸት ምስ ጦር ሰራዊት ደብኡስ ስለ ዝነበረ ቀቲሎሞ ከይኮኑ ናብ ሆስፒታል ኬድኪ ሬሳ ሓውኺ ኣለልዩ ኣሎምኒ፡፡ ምኽንያቱ ብዙሓት መንእሰያት ደቂ ኣስመራ ተቐቲሎም ሓዲሮም ኣለው፡፡ ምስ መሳኒይቲ ጐረባብተይ እናእወኹ ድማ ናብ ሆስፒታል ከይደ" ዝበለት ሓውቱ ወርቅነሽ ኣብርሃ እያ፡፡





ተኽለማርያም፡ ምስ'ቶም ሓጺን ቀበዕ (ሄልመት) ወደዮም ኣብ ከተማ ኣናብስ ክመስሉ ክሱብ ኣሰናኖም ዝዓጠቑ ወተሃደራት፡ ብድሎ ክሃጥም ከሎ ጕረባብቱ ብጨራ ሞኽሮት ይዕዘብኡ ነይሮን፡፡ ፈለማ ሓደ ጦር ሰራዊት፡ "ቁም...!" ምስ በሎ፡ ናይ ሽጋራ ገዝዘብ ሃቢ ዝበሎ'ዩ መሲልዎ፡፡ ምኽንያቱ፡ ብዋልዒ ብብረት እናፈራርሑ ካብ ሓላፊ መንገዲ "ገዝዘብ ሃቡና" ኢሎም ይኸትሩ ስለ ዝነበሩ፡፡ ወዮ ወተሃደር ብብረት ክሃርሞ ምስ ደለየ ግን፡ "ኣነ ደኣ ናይ ሽጋራ ትብለኒ መሲሉኒ'ምበር፡" ኢሉ ተጠማጢሞም፡፡ ክልቲኦም ተተሓሒዞም ወዲቖም፡፡ ኣብ'ዚ ህሞት ተኽለማርያም ዋላ'ኳ ብረት መንጢሉ ክሃድም እንተፈተነ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ወተሃደራት ኣየስተብሃሉሎምን፡፡ ሓደ ወተሃደር ንተኽለማርያም ብድሕሪኡ ብሃንደበት መጺኡ ካራ ገይሩ ጕይሕዎ፡፡ ኣብ ርእሲ ካራ ድማ ብጠያይት ደጋጊሞም ወጊኦም ቀቲሎሞ፡፡

እዞም ጠይናም ዝተወልዱ ግን ከኣ ብሓንሳብ ዝሞቱ 30 መንእሰያት፡ ስርዓት ቀብሮም ንምኽባር ኣብ ገዛኡ ዝተረፈ ወዲ ኣስመራ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል'ዩ፡፡ ኩሉ'ቲ በቲ ተግባር ዝሓመመ ኣብ መካነ መቓብራት ሓዘዛ፡ እንዳማርያም፡ ጸጸራትን መቓብር ምስልምና ዕዳጋ ሓሙሽን ተመቓቒሉ ነይሩ፡፡ ኣብ መቓብር እንዳማርያም ሓደ ኣፍቃሪ ስፖርት ኣቦ፡ ንቶም ስምዒት ህዝቢ ክከታተሉ ዝመጽኡ ወተሃደራዊ ክዳን ዝለበሱ ኣምሓሩ፡ "ባዕልኹም ቀቲልኩሞም፡ ባዕልኹም ከኣ ከተምስሉ ክትቀብሩ መጺእኩም፡፡ ኣንቱም ክንደይ ትጭካኑ ኢኹም! ሕጂስ ዋላ ኑቲ ቀብሪ ዲኹም ክትካልኩሉና፡ ከዱ ተኣለዩልና፡፡ ባዕልና ደቅና ክንቀብር ኢና፡" ኢሎም ስምዒቶም ከይተቖጻጸሩ ብሕርቃን ነዲሮም ተዛሪቦም ነይሮም፡፡ ህዝቢ፡ እቶም ጦር ወሲዶም ከይቀትልዎም ሰጊኡ፡፡ እንተኾነ እቶም ጦር ካልእ ዝዓጠቖም ሰራሕ ግዲ ነይርዎም ኣይተገደሱሎምን፡፡



ተስፋይ ዑቕባይ
ህ/ር/ፖለስ ኤርትራ

**መደብ ጸወታ**

ሎሚ
ዋንጫ ኤውሮጳ

ስሎቬንያ - ሰርቢያ 4:00 ድ/ቀ
ደንማርክ - እንግሊዝ 7:00 ድ/ቀ
ስጳኛ - ኢጣልያ 10:00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን ኣብ ሰ/ኮርያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ



ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቪላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ሰሜንኮርያ ናይ ክልተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ።

ብቐደሚ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ሰዓታት ድ.ቀ. ናብ ከተማ ፒዮንግያንግ ዝኣተወ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን፡ ብመራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን - ምዕሩግ ኣቀባብላ ተገይሩሉ።

ማዕከናት ዜና ሩስያ ንፕረዚደንት ፑቲን ጠቒሰን ኣብ ዘመሓላለፋኦ ሓበሬታ፡ ሩስያን ሰሜን ኮርያን - ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ልዕሊ ሓደሽቲ መጥቃዕቲ ምስ ዝፍጸም፡ ንምምኻቱ ብሓባር ክቐውማ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ዛጊት ብዘዕባ ክልቲኦም መራሕቲ ተሰማሚዖምሉን ተፈራሪሞምሉን ዘለዉ ጉዳያት ዝርዝራዊ ሓበሬታ እኳ እንተዘይተገልጸ፡ መራሒ ሰሜን ኮርያ - ኣብ ጉዳይ ኲናት ሩስያን ዩክሬንን፡ ንሩስያ ምሉእ ደገፉ ሂቡ ኣሎ። ኣብ ዶብ ክልቲኤን ሃገራት ናይ ሓባር ድንድል ንምስራሕ ከምኡ'ውን ኣብ ጥዕና፡ ትምህርትን ካልእ ሓያሎ ጽላታትን ብሓባር ክሰርሑ እውን ተሰማሚዖም ኣለው።

እዚ ርክብ እዚ፡ ኣብ ምምዕባል ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ሰሜን ኮርያ ንፖሊሲ ሩስያ ብዘለዋ ጽኑዕ ደገፍ ንኢዱ ኣሎ።

ኣመራጻ እተመርሖን ሃገራት ምዕራብ፡ ዝኺ ሕጂ ኣብ መንጎ ፌደረሽን ሩስያን ሰሜን ኮርያን ዝረአ ዘሎ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ፡ ብዓይኒ ስግኣት ከምዝጥምትኦ እዩ ዝገለጻ።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲንን ፕረዚደንት ኪም ጆንግ ኡንን - ኣብ ፖሊቲካዊ፡ ቁጠባውን ወተሃደራውን ምትሕግጋዝ ክልቲኤን ሃገራት ዓሚቕ ዘተ ከካይዱ ምዃኖም እዩ ክግለጽ ቀጺሉ።

## ቻይናን ደቡብ-ኮርያን ቀዳማይ ዙር ዝርርብ ጀሚረን



ቻይናን ደቡብ ኮርያን፡ ዲፕሎማስያውን ጸጥታውን ዝምድናታተን ንምሕያል፡ ናይ ቀዳማይ ዙር ዝርርብ ከምዝጀመራ፡ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ደቡብ ኮርያ ሓቢሩ።

እቲ ዝርርብ፡ ብተሓጋጋዚ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ደቡብኮርያ ከምሁንግ-ዩን መዝናኡ ቻይናዊ ሳንወይዶንግን ተመሪሑ - ካልኣት ላዕለዎት ሰብመዚ ክልቲኤን ሃገራት እውን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ከተማ ሶል ከምእተኻየደ እዩ ተገሊጹ።

ዝሓለፈ ወርሒ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ የን ሰክ የልን ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ሊ-ክያንግን ተራኺቦም፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ስምምዓት ከምዝፈረሙ ዝዝከር እዩ።

እቶም ክልተ መራሕቲ ብዘውሃብዎ፡ ስምምዕ ናጻ ንግዲ፡ ዳግማይ ንምድጋፍ ኣበቲ ዝነበርዎ ርክብ ከምእተሰማምዑ ተጠቒሱ ኣሎ።

## ፈረንሳ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ኣዋፊራቶ ዝጸንሐት ሰራዊት ተጉድል

ፈረንሳ፡ ኣብ ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ ኣዋፊራቶ ዘላ ሰራዊታ ከተጉድሎ ከምዝመደበት ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።



ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ መደብ፡ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ማእከላይ ኣፍሪቃ ተዋፊሮም ዝጸንሑ ሰራዊት ፈረንሳ - ካብ 350 ናብ 100፣ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኣፍሪቃ'ውን ካብ 1000 ናብ 350 ክም ዝወርድ እዩ ተሓቢሩ።

ኣብ ሃገራት ኣይቮሪኮስትን ሴኔጋልን እውን፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ዝጸንሑ 950 ሰራዊት - ናብ 100 ክወርድ እዩ።

ፈረንሳ ኣብ ዞባ ሳሕል ልዕሊ 5000 ወተሃደራት እኳ ኣዋፊራ እንተነበረት - ካብ ማሊ፡ ኒጀርን ቡርኪና-ፋሶን ብዝበጽሖ ተቓውሞታት፡ ኣብ 2022 ሰራዊታ ካብተን ሃገራት ክትስሕብ ምጅማራ ዝዝከር እዩ።

ብፈረንሳ ዝግዘኣ ዝነበራ ቡርኪና-ፋሶ፡ ማሊን ኒጀርን - ምስ ፈረንሳ ዝነበረን ወተሃደራዊ ስምምዓት ከምዝሰረዛኦ ዝዝከር እዩ።

## ኒው-ሜክሲኮ - ብሰንኪ ባርዕ ጫካ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ተኣዊጁ

ኣብ ክፍሊ-ሃገር ኒውሜክሲኮ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብዘተኣኻኸበ ሓደጋታት ባርዕ ጫካ፡ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ድንጋጌ ተኣዊጁ።

በቲ ኣብ ሓጺር እዋን ናብ ብዙሕ ከባቢታት እታ ክፍሊ-ሃገር ዝለሓመ ዘሎ ባርዕ ጫካ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ካብ ኣባይቶም ከምዝገዓዙ ተፈሊጡ።

እቲ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ኒውሜክሲኮ ዝተራእየ ሓደጋ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብሰለስተ ዕጽፊ ኣስፋሕፊሑ ኣብ ብዙሓት ከተማታት ዕንወት የውርድ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ዛጊት እውን በቲ ባርዕ ልዕሊ 20 ሽሕ



ሄክታር መሬት ከምእተሃሞኸ እዩ ዝጥቀስ ዘሎ።

ዘለዎም ዓቕሚ ብምሉኡ ተጠቒሞም ነቲ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል ይሰርሑ ከምዘለዉ ዝገለጸ ኣመሓዳሪ ክፍሊ-ሃገር ኒውሜክሲኮ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ግን በዓሊ እናኾነ ይመጽእ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

በቲ ባርዕ ብዘውሃቦ፡ መብዝሕትኡ መንበሪ ኣባይቲ ምዃኑ ዝተገልጸ ኣማኢት መጻለሊን ካልእ ትሕተ-ቅርጻን ከምዝዓነወ ተቓሊሑ።

ብተመሳሳሊ - ኣብ ክፍሊ-ሃገር ካሊፎርንያ ተኸሲቱ ዘሎ ባርዕ ጫካ፡ ናብ ሰፊሕ ከባቢታት ብምልሓም ከቢድ ዕንወት የውርድ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

በዚ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋ ባርዕ ጫካ፡ ልዕሊ 70 ሚልዮን ኣመሪካውያን ኣብ ትሕቲ ልዑል ናይ ሙቐት መጠንቀቕታ ከምዝርከቡ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ካብ 1950 ኣትሒዙ ሙቐት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓለም ብተደጋጋሚ ይኽሰት ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኣካል ምቁጽጻር ኩነታት ኣየር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዓመታዊ ብሽሒ. ወቕዒ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝሞቱ ኣረጋጊጹ።

## ጫድ - ኣብ መኽዘን ኣጽዋር ባርዕ ኣጋጢሙ ዕንወት ኣውሪዱ

ኣብ ከተማ እንጃሜና - ጫድ፡ ኣብ መኽዘን ኣጽዋር ብዝተኸስተ ባርዕ ሓዊ፡ ከቢድ ሰብውን ንዋታውን ዕንወት ከምዝወረደ፡ ላዕለዎት ሰብመዚ እታ ሃገር ሓቢሮም።

ዛጊት ቁጽሪ ናይቶም በቲ ባርዕ ሂወቶም ዝሰኣኑ ሰባት ከምዘይተነጸረ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ካልኣት ሓያሎ እውን ብከቢድ ቁሲሎም ከምዘለዉ ኣፍሊጦም።

ባርዕ ኣብ መኽዘን ድሕሪ ምኽሳቱ፡ ኣብኡ ዝነበረ ኩሉ ዓይነት ኣጽዋር - ብቐጻሊ ናብ ሰማያት ክቱቶግ ከምዝጀመረ ተገሊጹ።

ፕረዚደንት ጫድ ማሃመት እድሪስ ደቢ "ኣገዳሲ ዝስሓሕከሕ ባርዕ" ድሕሪ ምባል፡ ጠንቂ ንምፍላጥ ዕቱብ መርመራታት ከምዝካየድ ገሊጹ ኣሎ።

እቲ ባርዕ ዘጋጠሞ መኽዘን፡ ኣብ ሓደ ወተሃደራዊ መዓስከር ተደኲኑ ከምዝርከብ ዝጠቐሰ ማዕከን ዜና ጫድ፡ ኣብ ጎረቤብቲ እቲ መዓስከር ዝጸንሐ ኣባይቲ እውን ከቢድ ዕንወት ከምዝወረዶም ኣረጋጊጹ።




**ተረኛ ፋርማሲ**

ፋርማሲ ዳሉል
ፋርማሲ ካተድራል
ፋርማሲ ሚለኒዩም

**ዕለት**

20/06/2024

**ጎደና**

ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ጎደና ደጎሊ 171 - 65 ከባቢ ኣልፈርማ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ
ጎደና ባሕሪ ቢራ 191 ቁጥሪ 8 ማይ ጭሆት ትሕቲ ማሽድ

**ቁ.ስልኪ**

125266
127188
07153448

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565